
# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 33 ዓመት ቁ.273 | ሰንበት 14 ሓምለ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ስለምንታይ በረድ ዝያዳ ማይ ቦታ ይደሊ?

ገጽ 3


ገጽ 5
ሳዋ፡ ካብ ንግስነት ቋጣ ክሳብ ናጻ ኤርትራ

ገጽ 7
ዝኽሪ ደርፍታት ሳዋ...


ገጽ 11
ቢንያም፡ ብዓይኒ ደገፍቱ



## መመረቕታ መበል 36 ዙርያን ዝኽሪ መበል 30 ዓመት ምጅማር ሃገራዊ ኣገልግሎትን ተጸንቢሉ





መመረቕታ መበል 36 ዙርያን ዝኽሪ መበል 30 ዓመት ምጅማር ሃገራዊ ኣገልግሎትን "ሳዋ፡ 30 ዓመት ኣብ ስጡም ጉዕዞ" ብዝብል ቴማ ትማሊ ንግሆ ኣብ ሳዋ ብምዕሩግ ኣገባብ ተጸንበለ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ 36 ዙርያ ኣብ ዝምረቐሉ ዘሎ ኣጋጣሚ፡ ምስ ዝተፈላለየ ዓለምለኻዊን ዞባውን ምዕባለታት፡ ከም ቀንዲ መሳለጥያ ሃገራዊ ህንጻት ዝወሰድናዮ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ድሕሪ 35 ዙርያታት ንዝበርዮ ኣበርክቶ እንግምግመሉ ዘሎና እዋን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብኣሳልጦና ከይተጸየትና፡ ሕጽረታትናን ድኻማትናን ከይሸፋፈንና፡ ዕቱብ ወድዓዊ ገምጋም እንገብረሉ ጉዳይ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብፍሉይ ንኣባላት መበል 36 ዙርያ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ድማ፡ "ናይ መልቀቒ ፈተና ወጽኢት ብዘየገድስ፡ ኣካዳሚያዊ ፍልጠትኩም ናብ'ቲ ዝበረኸ ከተደይቡ፡ ከምኡ'ውን ብትግሃት ዓያይነት ክእለትን ተመኩሮን ክትድልቡ ብዚይ ምዝናይ ክትሰርሑ ማዕዳ ኢይትጸብዩ።" ድሕሪ ምባል፡ ወለዲን መማህራንን ኣለይትን ሕልናዊ ግዴታ ምክትታሎምን ደገፎምን ክህቡ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ብናይ ክብሪ ሰላምታን ብበሎቓት ዝተኸፋፈለ ወተሃደራዊ ምርኢትን ዝፈለመ ስነ-ስርዓት፡ ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ደብሳይ ግደ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ መበል 36 ዙርያ፡ 50.2 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም ሰልጠንቲ ኣብ ሳዋ ኣብ ዝጸንሑሉ ናይ ሓደ ዓመት ግዜ ናይ 12 ክፍሊ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ፖለቲካዊ ትምህርትን እዋናዊ ሰሚናራትን፡ ወተሃደራዊ ታዕሊም፡ ስልታዊ ጥበባት፡ ወተሃደራዊ ባህልን ስሩ-ምግባርን፡ ከምኡ'ውን ማእቶትን ኣካላዊ ብቕዓትን ዘጠቓልል ስልጠና ከምዝቐሰሙ፡ ኣብ ደስፕሊንን ስሩምግባርን ድማ ዝሑሉ ምንባሮም ገሊጹ።

ኮሎኔል ደብሳይ ኣሰዒቡ፡ ኣጠቓሊሊ ወጽኢት መማዛኒ ሰልጠንቲ ኣብ ኩሉ ዝቐሰምዎ ስልጠናታት 72.9 ሚእታዊት ከምዝነበረ፣ እዚ ድማ ኣብ ዝሓሸ ቦታ ክዕቀበን ክተባብዕን ከምዝኾኣል ብምልባው፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ መበል 36 ዙርያታት ሃገራዊ ግቡኦም ንዝፈጸሙ ዘለዉ "የቐንዩ" ኢሉ።

እቲ ድርብ ስነ-ስርዓት፡ ንጉዕዞ 30 ዓመትን ዕላማታትን ሃገራዊ ኣገልግሎት ብዘንጸባርቕ ደርፍታትን ድራማታትን ደሚቑ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ብስም ኣባላት ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ህያብ ተበርኪቱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ኣካላዊ ብቕዓትን ወተሃደራዊ ስልጠናን ብውልቕን ብሓባርን ዝተዓወቱ ካብ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስን ሽልማት ድሕሪ ምቕባሎም፡ ሰልጠንቲ ኣባላት 36 ዙርያ - ብውፉይ ስራሕ ዕላማታት ሃገራዊ ኣገልግሎት ንምትግባር ቃለ-ማሕላ ፈጺሞም።

## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብኣጋጣሚ መበል 30 ዓመት ምምስራት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ሳዋ ንዝቐረበ ምርኢት ከፊቱ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብኣጋጣሚ መበል 30 ዓመት ምምስራት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ምምራቕ መበል 36 ዙርያን - ትማሊ ኣብ ሳዋ ንዝቐረበ ምርኢት ቅብኣን ስእልን ከፊቱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ነቲ ብምትሕብባር ኣባላት ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎትን ዝተዳለወ ምርኢት ኣብ ዝተዓዘበሉ፡ ብዛዕባ ትሕዝቶን መልእኽትን ዝቐረበ ስእልታት መግለጺ ተዋሂብዎ።

እቲ 75 ቅብኣን 31 ድሩቕን ስእልታት ዘጠቓልል ምርኢት፡ ብኣባላት ቀዳማይ ክሳብ መበል 36 ዙርያታት ስሩዓበውያን ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ንመደባት ህንጻትን ምዕባለን፡ ተጻብኦታት ጸላእትን መኸተ ህዝቢ ኤርትራን፡ ከምኡ'ውን መደባት ምምዕባል ሰብኣዊ ዓቕሚ ዘንጸባርቕ'ዩ።

ነቲ ምርኢት፡ ሚኒስተራትን ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊትን ዝርከብዎም ሰበስልጣን እውን ተዓዚቦምዎ።

ኣብ ስነ-ስርዓት መመረቕታ መበል 36 ዙርያን ዝኽሪ መበል 30 ዓመት ምጅማር ሃገራዊ ኣገልግሎትን ልዕሊ 400 ኣባላት ቀዳማይ ዙርያ ይሳተፉ ኣለው።

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ስለምንታይ በረድ ዝያዳ ማይ ቦታ ይደሊ?

ዝሓለፈ ሓጋይ ብርቱዕ ዛሕሊ ነይሩ። ንግሆ-ንግሆ ክትንስእ እንከለና፡ ብመስኮትና፡ ብኣሰሓይታ ዝተፈጥረ በረድ ግሩም ቅርጽታት ሰሪሑ ይጸንሓና። ንሕና ኸኣ ክዳን ደራሪብና ኣብቲ በረድ ክንሸራተት ንጉዩ።

“ፍቱው ወደይ!” በለት ዛሕሊ ዘይትፈቱ ኣደይ፣ “መዓስ ኮን'ዩ ዝውዳእ?”

“ከም ቀደሙ ብዙሕ ኣይጸንሕን'ዩ፡” በላ ባባ፣ “ተሰፋ እገብር ኣብዚ ሓጋይ ቱቦታት ማይና ከይተተኰሰ ክሓልፍ።”

“ባባ... ባባ ኣብ ግዜ ሓጋይ ጥራይ እንታይ ኲይኑ ቱባታትና ይትኰሰ?” ሓተትኩ ኣብ መንጎ ኣትየ።

“ስለምንታይ ከም ዝትኰሰ ኣይትፈልጥን ኢኻ ዲኻ ወደይ?” ተመሊሱ ሓተተኒ። ከም ዝፈልጣ ርግጸኛ ስለ ዝኾነዶ ሓቲቱኒ ይኸውን ኢለ ቍሩብ ድሕሪ ምሕሳብ ርእሰይ ነቕነቕኩሉ።

“ማተር ክንደይ መልክዓት ኣሎዎ?”

“ሰለስተ” ብዓውታ መለሰት ግሬስ ሓብተይ። “ድሩቓት፡ ፈሰስትን ጋዛታን።”

“ንፍዕቲ እዛ ጓለይ! ትፈልጥዮ ኢኺ ኢለ ኣይሓሰብኩን። ሕራይ... ፈሰስቲ ብዙሓት ዓይነተታ ኣለው። ሓደ ካብኦም ማይ እዩ። ማይ ኣብ ክንደይ ደረጃ ረስኒ ይፈልሕን ይበርድን?”

“ኣብ 100 ደረጃ ሰልሲየስ ይሃፍፍ፣ ኣብ ባዶ ደረጃ ሰልሲየስ



ከኣ ናብ በረድ ይቕየር።” ቀላል ሕቶ እያ። እዚ ምስ ምትኳስ ቱቦታት እንታይ ምትእስሳር ኣሎዎ? ኢለ እናሓሰብኩ፡ “በሉ ሓንቲ ቀልል ዝበለት ፈተነ ክነካይድ ኢና። ናይዛ ፈተነ ውጽኢት ምስ ረኣና ኸኣ ጽቡቕ ገይረ ክገልጸልኩም እየ፡” በለ ባባ። ሓንቲ ናይ ሸሮቦ ጥርሙዝ ኣምጺኡ መዓር ኣፋ ማይ መልአ ድሕሪ ምምላእ ግጥም ኣቢሉ ዓጸዋ።

“ግርም” በለ ባባ፣ “ሕጂ ንገለ ሰዓታት ኣብ ደገ ከነቐምጣ ኢና። በዛ መዓልቲ ቀልጢፉ ክበርድ እዩ። ድሕሪ ድራር ተመሊስና ክንርእያ ኢና፡” ብምባል ነታ ጥርሙዝ ኣቐበለኒ። ኣነ ኸኣ ኣብ ጥቓ ኣፍደገና ኣብ ሓደ ደረጃ ኣቐመጥኩዋ። ናይ ሓጋይ ኣስሓይታ ዝከኣል ኣይኩነን። ኵሉ ቀላያት፡ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ከባቢና ብበረድ ዝሸፈነሉ እውን እዩ። ብዙሓት ስድራቤታት ናብ ምውቕ ዝበለ ከባቢ እናኸዳ'የን ዝሕልፋኦ። ንሕና ግን ካብ ገዛና ወጺእና ኣይንፈልጥን ነበርና። ጸሓይ ጽድያ ክሳዕ ትመጽእ እናኸርደድና ነሕልፎ። እዛ ኣብ ደገ ዝሓደግናያ ማይ ዝሓዘት ናይ ሸረቦ ጥርሙዝ'ውን ቀልጢፋ ከም ትበርድ ኣነ'ውን ከም ርዱእ ወሲደዮ ነይረ'የ። ብኣኣ ኣቢሉ ነዛ ሕቶና ኸመይ ገይሩ'ዩ ክምልሳ ክርኢ ግን ተሃዊኸ ነበርኩ። ነዛ ምድራር'ኳ ዓቕሊ ምግባር ሰኣንኩ። ተድሪርና መኣዲ ምስ ተላዕለ ብጉያ'የ ንደገ ወጺአ።

ከም ትጽቢትና እቲ ኣብታ ጥርሙዝ ዝነበረ ማይ በሪዱ ጸንሓና። ብተወሳኺ እታ ጥርሙዝ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ተጨዳዲዳ ጸንሓትና። ባባ ስለምንታይ ከም ዝተጨዳደደ ክገልጸልና ጀመረ፤

“ማይ ናብ በረድ ክቕየር እንከሎ ይዝርጋሕ ወይ የስፋሕፍሕ እዩ። እዚ ማለት በረድ ልዕሊ ማይ ዝያዳ ቦታ ይሕዝ ማለት'ዩ። እታ ጥርሙዝ ማዕሪ ኣፋ ማይ መሊእናያ ነይርና። እዚ ማይ ናብ በረድ እናተቐየረ ክኸይድ እንከሎ ቦታ እናጸበቦ ይኸይድ። ቦታ ጸቢቡኒ ኢሉ ካብ ምብራድ ደው ክብል ስለ ዘይክእል ከኣ ነቲ ጥርሙዝ ክደፍኦ ይጅምር። እቲ ጥርሙዝ ከኣ ይስበር። እቲ በዚ በረድ ዝፍጠር ሓይሊ፡ ጥርሙዝ ስለ ዝኾነ ጥራይ ኣይከነን ዝሰብሮ፣ ዋላ ብሓጺን እንተ ዝስራሕ'ውን ምተኰሶ ነይሩ።”

“ግን...” ኩለፍኩዎ ኣብ መንጎ፡ “ነገራት ዋዒ ክረኽቡ እንክለው ይዝርግሑ፣ ዝሓሊ ክኸውን እንክሎ ኸኣ ይጭበጡ ኢለ'የ ዝሓስብ ነይረ።

“ጽቡቕ ኣለኻ ፍቱወይ፡ ልክዕ ከምዚ ዝበልካዮ'ዩም ዝገብሩ። ማይ ክበርድ እንከሎ ግን ዝያዳ ቦታ'ዩ ዝደሊ። እዚ ነዛ ጥርሙዝ ዝሰበረ በረድ፡ ካብቲ ብማዩ እነከሎ ዝሕዞ ቦታ ብሓደ ዕስሪት ይዓቢ። እቲ ማይ 10 ሰ.ሜ.ኮብ ሒዙ እንተ ነይሩ፡ ምስ በረደ 11 ሰ.ሜ. ኮብ ቦታ ይደሊ። ንባሕሪ ሸፊኑ ትርእዩዎ በረድ፡ ካብ ብምልኡ ነቲ ሓደ ዕስሪት ጥራይ ኢኹም ትርእዩ። ዝተረፈ ክፋሉ ብውሽጢ እዩ ዘሎ።”

“ጽድያ ክኸውን እንክሎ ምሽ እቲ በረድ ይመክኽ'ዩ። ናይ ማይ ቱቦታትና ኸኣ ሸው እንድዩ ዝትኰሰ፣ ስለምንታይ ክበርድ እንክሎ ዘይትኰስ?” ሓተትኩ።

“ቱቦታት ማይ እቲ በረድ ክመክኽ እንክሎ ኣይኩነን ዝትኰሱ። እቲ ኣብ ቱቦታት ዝነበረ ማይ ምስ በረደ'ዩ ዝትኰሱ። ግን እቲ በረድ ክንቀሳቐስ ስለ ዘይክእል ከም ዝተተኰሰ ክንርእዮ ኣይንኽእል ኢና። ዳሕራይ ክመክኽ እንከሎ ግን በቲ ዝተተኰሰ ቱባ ማይ ክፈስስ እንከሎ ምስ ረኣና ከም ዝተተኰሰ ንፈልጥ፡” ብምባል ኣብርሃልና።

ምንጪ፤ Learn science

ኣኽራን ፍስሃየ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብቱ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

### ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: “George Washington not only chopped down his father’s cherry tree, but also admitted it. Now, Louie, do you know why his father didn’t punish him?”

Louie: “Because George still had the axe in his hand.”

***

ሜሪ ማና

### ደርዘን ኣገረምቲ ሓቕታት ኣካልና

1. ከባቢ 80-90 ሚእታዊት ካብ ምስትምቓርና ነስተውዕሎ፡ ብናይ ምሽታት ስምዒታትና እዩ።

2. ልብና ኣብ ዓመት ኣስታት 35 ሚልዮን ግዜ ትሃርም። ኣብ ገምጋማዊ ዕድመ ሰብ ከኣ 2.5 ሚልዮን ግዜ ትሃርም።

3. ኣካል ሰብ ከባቢ 5.6 ሊትሮ ደም ኣለዎ። እዚ 5.6 ሊትሮ ደም ኣብ ምሉእ ኣካልና ኣብ ብነፍሲ-ወከፍ ደቒቕ ሰለስተ ግዜ ይዘውር። ኣብ ሓደ መዓልቲ 19,000 ኪሎሜትሮ ይጓዓዝ። ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዱሜራ ዘበጽሕ ገማግም ባሕርና ኣስታት 1 ሽሕ ኪሎ ሜትሮ እዩ። ኣብ ኣካልና ዝርከብ ደም ኣብ መዓልቲ ካብ ራስ ቄሳር ናብ ራስ ዱሜራ 19 ግዜ ይመላለስ ማለት'ዩ። ትኣምኑዎዶ? ግና ሓቂ'ዩ!

4. ልቢ ሓደ ሰብ ኣብ ዘመነ ህይወቱ ከባቢ 1 ሚልዮን ፌስቶ ደም ትጭንጉዕ። ሓደ ፌስቶ 100 ሊትሮ ሕሰቡዎ። ናብ ሜተርኩብ ቀይርኩም ምስ ኣብ ከባቢኩም ዝርከብ ሓጽቢ ወይ ዓበይቲ ባስካ ኣመዛዝኑዎ።

5. ኣብ ሓደ ማእከላይ ሰብ ኣብ ስርዓተ-ዙረት ደም ዝርከቡ ሻንቢቀታት ኣርተሪ፡ ሸይናትን ካፒላሪታትን፡ ጫፍ ንጫፍ ምስ ተላገቡ 100,000 ኪሎ-ሜትሮ ምሸፈኑ። እዚ ርሕቀት ማዕረ ፍርቂ ዙርያ መሬት እዩ።

6. ቀርበትና ብገምጋም 2 ሚሊ-ሜትሮ ርጉዲ'ኳ እንተ'ለዎ፡ ሓደ ስምኒት (1/8) ናይ ኣካልና ቀረብ ንሱ'ዩ ዝወስዶ።

7. ሽክና ርእስና ብሓደ ተሪር ዓጽሚ ዝቖመ ኲይኑ ዝስምዓና ውሑዳት ኣይኮናን። እንተኾነ ብ22 ዝተፈላለዩ ኣዕጽምቲ ዝቖመ እዩ።

8. ኣብ ሓደ ማእከላይ ዕድመ ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ ስርዓተ-ምሕቃቕ መግቡ ዝርከቡ ህዋሳት ተዘርጊሖም ምስ ዝዕቀኑ ካብ 6 ክሳብ 9 ሜትሮ ቍመት ይህሉዎም።

9. ቀያሕቲ ወሃዮታት ደምና፡ ናይ 4 ኣዋርሕ ዕድመ'ዩ ዘሎዎም። ኣብዚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣብ ኣካልና ንዝርከቡ ኣስታት 60 ትሪልዮን ካልኣት ዋሃዮታት ይምግቡ። 250,000 ግዜ ምብጻሕ ምስ ኣካየዱ፡ ናብታ ዝተፈጥሩላ ኣንጉዕ (bone marrow) ንኽሞቱ ይምለሱ።

10. ጸጉርና ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ 6 ሚሊ-ሜትሮ እናወሰኸ ን6 ዓመታት ይነውሕ፣ ድሕሪኡ ግን ምንዋሕ ኣቋሪጹ ኣብ ቦታኡ ካልእ ጸጉሪ ይቦቁል።

11. ኣብ ኣፍና ዝነዝዕ ምራኽ ሳሊቫ፡ ኣብ መዓልቲ ከባቢ 600 ሚሊ-ሊትሮ ምራኽ ይነዝዕ። እዚ ዓቕን ክንዲ ክልተ ኮኣ ዓድና ማለት'ዩ። ኣብ ኣፍና ኣብ ሓደ መዓልቲ ክንዲ ክልተ ጥርሙዝ ኮካ ምራኽ ሳሊቫ ይነዝዕ።

12. እቲ ዝቐልጠፈ ሓበሬታ ዘምሓላልፍ ናይ መትኒ ወሃዮ (nerve cell)፡ ሓበሬታ ብኣክሶን ንኸሕልፉ፡ ብዘገርም ፍጥነት 4.4677 ሜትሮ ኣብ ካልኢት የብጽሑዎ። ቍመትኩም ክንደይ እዩ? ካብ ጽፍሪ እግሪኹም ክሳብ ርእሲኹም ሓበሬታ በዚ ዋሃዮ ክበጽሕ ክንደይ ይወስደሉ? ተመራመርሉ!

ትዕግስቲ በረኸትኣብ

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“እቲ ዘይቀትለኒ ዘበለ፡ መሐየሊየይ'ዩ።”

- ፍሬድሪክ ኒቸ

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበት፡ ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ጽምብል መመረቕታ መበል 36 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት

















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ክብሮም ጻሃየ
ኣብርሃም በየነ
ትብለጽ ኣምለክ



# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## እቲ ፈታዊ ወርቂ

ቅድሚ ብዙሕ ዘመናት እዩ፡፡ ሓደ ኣዝዩ ወርቂ ዝፈቱ ንጉስ ነይሩ ይበሃል፡፡ እቲ ንጉስ ሕጉስ ክኸውን ዝኽእል፡ ብዘይካ'ቲ ኣኻዕቢትዎ ዝዐበረ፡ ካልእ ተወሳኺ ወርቂ ክረኽብ እንተ ኽኢሉ ጥራሕ ድማ'ዩ ዝዐበረ፡፡ ወርቂ ናይ ምእካብ ሸውሃቱ ንኸዕግብ ድማ፡ ኣብ ሩሑቕ ንዝቡር ጥበበኛ ሰብኣይ ጸዊዑ ድሌቱ ከምዚ ክብል ኣካፈሎ፦ "ንሾኻ ጥበብ ኣሎካ፡፡ ኣዚኻ ፈላጥ ሰብ'ውን ኢኻ፡፡ ስለዚ፡ በቲ ዘሎካ ጥበብ ተጠቒምካ ኣነ ዝኣዝዞ ነገራት ዝመሳኣሉ ባይታ ክትፈጥር ኣሎካ" በሎ፡፡ እቲ ጥበበኛ፡ ሰቕ ኢሉ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኩሉ ዝኣዝዞ ከማልእ ፍቓደኛ ምዃኑ ነገሮ፡፡

ድሕሪ'ዚ እቲ ንጉስ፡ "ጸቡቕ እምበኣር፡ ኣነ ብኢደይ ዝሓዝክዎ ዘበለ ኩሉ ዓይነት ንብረት ናብ ወርቂ ዝቕየረሉ ዕድል ፍጠረለይ" ክብል ናይ ልቡ ተዛረበ፡፡

እዚ ዝሰምዐ ፈላጥ ሰብኣይ፡ ብጠለብት ንጉስ ኣመና ተገረመ፡፡ ቀጺሉ ከኣ፡ ኩሉ ንጉስ ዝኣዝዞ ክፍጽም ኣኻእሎ ከምዘለዎ ብምጥቃሱ፡ "ክቡር ንጉስ! ድሌትኩም ወርቂ ካብ ምፍታው ዝዘበለ ባህጊ ምዃኑ ይርደኣኒ እዩ፡፡ እዛ ሓሳብ'ውን ተቐቢለያ ኣለኹ፡፡ እንተኾነ፡ ቅድሚ ናብቲ ዝኣዘዝኩምኒ ስራሕ ምእታወይ ደገምኩም እንተ ትሓስቡሉ ጸቡቕ ነይሩ" ክብል ብትሕትና ርእይቶኡ ኣካፈሉ፡፡ ንጉስ ብዘረባ ናይ'ቲ ጥበበኛ ሰብኣይ ኣዝዩ ሓረቐ፡፡ ካብቲ ዝበሮ ዝፋን ብምትንሳእ ድማ ብጽዉግ ገጹ፡ "እንታይ ዝበልዎ ንዕቀት እዩ እዚ? ስለምንታይ ኢኻ ዝበልኩኻ ካብ ምትግባር ዝሰንቀጽ ሓሳባት ክተቕርበለይ ትደሊ ዘለኻ? ሕጂ ደጊመ ዝሓስበሉ ኩነ ዝልወጦ ጉዳይ የብለይን፡፡ ጸቡቕ ገይረ ሓሲበሉ ስለዘሎኹ፡ ዝበልኩኻ ጥራይ ግበር" ክብል ብሕድሪ ኣገባዕበዖ፡፡

ጥበበኛ ሰብኣይ፡ ድሕሪ'ዚ ዘረባን ምጉብዕባዕን ናይ ንጉስ እንታይ ክመጽእ ከምዝኽእል ስለ ዝተገንዘበ፡ ነቲ ዝተኣዘዞ ክተግብር ነይሩዎ፡፡ በዚ መሰረት፡ ኩሉ እቲ ንጉስ ዝሓዞ ንብረት ይኹን ነገር ናብ ወርቂ ዝቕየረሉ ጥበብ መሃሮ፡፡

ንጉስ ኩሉ ጠለቡ ስለ ዝተማልኣሉ፡ ነቲ ሰብኣይ ኣመስጊኑን ክቡራት ህያባት ሂቡን ኣፋነዎ፡፡ ንጉስ ካብ ዝፋኑ ተላዒሉ ናብ ደገ ክወጽእ ማዕጾ ቤቱ ኣብ ዝተንከፈሉ እዋን፡ ማዕጾ ቤቱ ናብ ወርቂ ተቐየረ፡፡ ድሕሪ'ዚ ንኹሉም ንብረቱ በብሓደ እናዘረ ብምትንካፍ ናብ ወርቂ ቀየሮም፡፡ ሓጎሱ ምቁጽጻር ዝኣበዮ ንጉስ፡ ኩሉ'ቲ ንሱ ዝሰበረሉ ከበቢ ወርቂ ኮይኑ ዝርእዮሉ ግዜ ከምዝመጽእ ብምስትብሃል ከኽምስምስ ተራእዩ፡፡



ኣብ ከምዚ ኩነታት ድማ እዩ እቲ ንጉስ ንኹሉ'ቲ ዘበህጎ ነገራት ናብ ወርቂ ቀዪሩ ምስ ወደአ፡ ጥሜት ስለ ዝተሰምዖ ናብቲ ንብልዑ ዝምገበሉ ሰፍራ ዝኸደ፡፡ እንተኾኑ፡ ኑቲ መግቢ ሒዙ ዝጸንሐ ነገር ትንክፍ ምስ ኣበሎ፡ ንሱ'ውን ምስ መግቡ ናብ ወርቂ ተቐየረ፡፡ በቲ ሃንደበታዊ ክስተት ኣዝዩ ተገረመ፡፡ ድሕሪ'ዚ፡ ንጉስ በቲ ብዘጋጠሞ ክስተት እናሓሰበ ናብ መደቀሲ ክፍሉ ክምለስ እንከሎ፡ ብደገ ዝጸንሐት ጓሉ "ባባ' ኢላ ክትሓቑፎ መጸት፡፡ ግን ንሳ'ውን ናብ ወርቂ ተቐየረት፡፡ ንጉስ ንዘረኣዮ ነገር ክኣምኖ ተጸገመ፡፡ ዝኹበሮን ዝበለዖን'ውን ጠፍኦ፡፡ ብሰንኪ ኣቐዲሙ ዘይሓሰበሉ ኩነታት ዝበልዖ ስኢኑ ናብ ዓሚቕ ምስትንታን ምእታዉ ከይኣኽለ፡ እታ ኣዝዩ ዝፈትዋ ጓሉ ናብ ወርቂ ምቕያራ'ውን ከቢድ ጓሂን ጣዕሳን ፈጠረሉ፡፡

በዚን ካልእን ምሕር ዓቕሉ ዝጸንቀቐ ንጉስ፡ ኑቲ ጥበበኛ ሰብኣይ ዳግማይ ኣጸዊዑ ኩሉ ነገራት ናብቲ ዝበሮ ክመልሰሉ ብትሕትና ሓተቶ፡፡ እቲ ጥበበኛ ሰብኣይ ከኣ ትእዛዝ ንጉስ ተቐቢሉ ንኹሉ ነገራት ናብቲ ዝበሮ መለሰሉ፡፡ ብድሕሪ'ዚ፡ እቲ ንጉስ በቲ ዘውንኖ ነገራት ከማስየገንን ሕጉስ ኮይኑ ክነብርን ከኣለ ይበሃል፡፡

ሓጎስ፡ ኣንጸብራቕ'ቲ ነገራት ብምውናን ጥራሕ ክትፈጥሮ ኣይግባእን፡፡ እቲ ምንታይ'ሲ፡ እቶም ሓጎስ ከየገዝሙኻ እትጸበዮም ነገራት ኣብ መውዳእታ ካብ ትጽቢትካ ወጻኢ ዝኾነ ነገር ሒዞምልካ ክጸንሑ ስለዝኽእሉ፡፡ ሕጉስ ንምዃን ገንዘብን ክቡራት መጋየጺታትን ክህልወካ ኣድላዪ ኣይኮነን፡፡ በቲ ዘሎካ ሕጉስ ኩን፡፡ ትርጉም ምንባር፡ ንዘርድኦ ሰብ በቲ ዘሎዎ ነገር ሕጉስ ምዃን እዩ፡፡ ትርጉም ምንባር ዘይርድኦ ሰብ ግን፡ ህይወቱ ምስ ነገራት ብምውድዳር ልዕሊ ህይወቱ ንዘብለጭልጩ ነገራት ዋጋ ስለዝህብ፡ ገንዘብ ክኣሪ ክብል ሓጎሱ ኣልቦ ኮይኑ ካብዛ ዓለም ክሰናበት ከምዝኽእል ዘይምዝንጋዕ፡፡

## መቐረት ቃንዛ

ኣብ ምንባር፡ ልክዕ ከም ወርሒ ወይ መሬት ኣብ ዙርያ ጸሓይ ዝዘውር ብኸመይ ዑደት ኣለና፡፡ ዑደት ጉዕዞ ህይወትና ገለን ዘሐጉስ ገለን ዘጉሂ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ከምቲ ወርሒ ኣብ ዙርያ መሬት ትዘውር፡ ንሕና ደቂ ሰብ ከኣ ብመንጽር'ቲ ነሳስሎ ዕለታዊ ንጥፈታት ህይወትና ኣብ'ዛ ምድሪ ብእኣካይዶ ዑደት እዩ ዝምእዘን፡፡ ብሓፈሻ፡ ዑደት ጉዕዞ ህይወትና ብመዓልታት ኣብ ዙርያ መሬት ንፍጽም፡፡ እዚ ዑደት እዚ ድማ በቲ ንሕና እንወስዶ ምርጫታትን ውሳኔታትን ዝተማእከለ ይኸውን፡፡ ኣብ ኣኽራን ክንገዓዝ ከለና፡ ቃል ብቓሉ ማሰናኽላት ሰገርና ሓድሽ ብራኽ ክንበጽሕ ዝጋጠሙና ብደሆታት ምስ እንሰግሮም እዩ፡፡ ማሰናኽላት ኣብ ህይወት ልክዕ ከም ህቦብላታት እየም፡፡ ከምቲ ሓያል ማዕበል ምስ ተፈጥረ ኣብ ገማግም ባሕሪን ወቅያኖሳትን በጺሑ ዘፍ ዝብል፡ ብደሆታት'ውን እንተኾኑ ኣብ ጫፍ ጥርዚ ናይቲ ንምቅላሶም እንገብሮ ጻዕሪ ክዝሕሉ ከም ዝኽእሉ ምስትብሃል ኣገዳሲ እዩ፡፡ ልዕሊ ኩሉ ግና ነገራት ክሳብ ናይ መወዳእታ መልክዖም ዝሕዙ ብዘተሰፉ ክንጽመም ይግባእ፡፡

በዚ ኣልካ በቲ እዛም ባኢታታት ሓደ ዘየገንኙና ነገር ኣሎ፡፡ ህይወት ብበደሆታት ዝተመልኣት ክንሳ፡ ጸባቒን ምግራዖምን ዝመልኣት ዑደት ምዃና የርእየና፡፡ ዘይሓልፍ የለን፡፡ እንተኾነ፡ ወትሩ ዘጋጥመካ ከበድ ቃንዛን ከበድ ስቓይን፡ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ህይወትካ ቅድሚ ሕጂ ፈጺምካ በጺሕካዮ ዘይትፈልጥ ሓድሽ ክብሪ ክትገናጸፍ የኽእለካ ምህላዉ ፈሊጥካ ኣይትጽልኣየ፡፡

ትማሊ ዝበርሃዮ ኩነታት ንናይ ሎሚ ኩነታትካ ከም ዘይወሰኖ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ፡፡ እዚ ከኣ ኣብ ሎሚ ኳንካ ንጸባሕ ከም ዘይትዕቅና ትርዳእ፡፡ ምኽንያቱ፡ ጸባሕ ካልእ መዓልቲ ስለዘኾነት፡፡ ከምቲ ሓያል ማዕበል ሓያል ባሕረኛ ዝኩብሮ፡ ብኣእላፍ ከበድቲ ቃንዛን ሸግርን ዝተመልኡ መድረኻት ምሕላፍ'ውን ንኣእምሮኻ ከም መብረድ ዘበልሑ ብምዃናም ብፍሉይ ክትተኮረሎምን ናብ ረብሓኻ ክንልወጦምን ይምረጽ፡፡ ዝተፈልየን ብሉጻን መንገዲ ንኸህልወካ፡ ኩሉ ዘጋጥመካ ሸግራት ክትኣምር ኮነ ክትገልጽ ኣድላዪ ኣይኮነን፡፡ ናይ ውሽጥኻ ኣብ ውሽጥኻ ገይርካ፡ ቃንዛኻ ከም ሓይሊ ክትጥቀመሉ ፈትን፡፡ እዉ ኑቲ ቃንዛ ከም ንብርን ዝተፈልየን ኣካል ወሲድካ፡ ዘይተርፍ ጉዕዞን ዑደትን ህይወት ምዃኑ ተረዲእካ ሓድሽ ዑደት ብዘሰፉ ምጅማር ይከኣል እዩ፡፡



## መቑሸሽ ቁርሲ ሰንበት

- ዝጠዘሐ ጥዕማትን ልኡማትን ሰብ፡ ምንጪ ኩሉ ባህሪኦም ካብ ፍልጠት ዝመልኣ ርእሲ ኣይኮነን፡፡ እንታይ ደኣ ካብ ፍቕሪ ዝመልኣ ልቢ፡ ካብ ንምስማዕ ድሉው ዝኾነ እዝኒ፡ ካብ ንኻልኦት ንምሕጋዝ ድሉዋት ዝኾና ኣእዳው እምበር፡፡

- ማዕረ ክንደይ ጥዑም ሰብ ኩን ብዘየገድስ፡ ሰብ ናይ ግድን ክኸቕሩኻ እዮም፡ ብመንጽር ኩነታቶምን ድሌታቶምን፡፡

- እቶም ንብይናም ክንገዓዙ ዝኽእሉ ሰባት፡ ዝሓየለን ዝበለጸን ኣንፈት ኣለዎም፡፡

- ኩሉ ግዜ ዓይንኻ ጸቡቕ ጎድኒ ናይ ሰባት ክትርኢ፡ ልብኻ ንኽፉእ ይቕረ ክብል፡ ኣእምሮኻ ንሕማቕ ክርስዕ ነፍስኻ ኩሉ ግዜ ተስፋ ምልኢያ፡፡

- ንሸግር ወይ ፍትሓዩ ወይ ርሓቖ፡፡ እንተ ዘይከኣልካ ግን ብፍጹም ንሸግር ተለማማዲካዮ ምስኡ ኣይትንበር፡፡

- እታ ዝኣሰት ሓሶት'ውን እንተኾነት ንዓቢ እምነት ክትሰብሮ ትኽእል እያ፡፡

ቤተልሄም ሰመራ ካብ ኣስመራ




## ሓበን ኣፍሪቃ

ቅድድም ብሽክለታ
ድሕሪ ነዊሕ እዋን ረኺቡ ጻማኡ
ድርኩኹቱ ከፊቱ መጋረጃ ዓወቱ
ምስ ሓያላን ዓለም ብምጥምጣም ጉዕዞኡ ፈሊሙ፡፡

ብሽክሊታ ባህሊና'ዩ ካብ ቅድም ዝበረ
ሽግ ዓወት እነሆ፡ ኣብ ኢድና ክኣቱ ጀመረ
ክሓሸሮ'ዩ በኒ ንኹሉ መድረኻት
ለበዋኡ ክፍጽም ሕድሪ ናይ ሰማእታት
ታሪኽ ክሰንድ ንዝመጽኡ ወለዶታት፡፡

ዓወት ዝድረሩ ህዝቢ
ሊጋኡ ሓወይ ሓብተይ በዚሊ
ምዕዋት'ዩ ባህጉ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ፡፡

ተስፎም እስቲፋኖስ - ካብ መዓስከር ዒታሮ ኣስመራ




## እቲ ካብ ...

እቲ ካብ ጥንቲ ዝበረን ዘሎን ፈጣሪ፡፡
እቲ ካብ ኩሉ ዝበርተዐ ገዛእ ርእሰኻ ምፍላጥ፡፡
እቲ ካብ ኩሉ ዝቐለለ፡ ንኻልኦት ምኽሪ ምሃብ፡፡
እቲ ካብ ኩሉ ዝቐልጠፈ፡ ሓሳብ፡፡
እቲ ሓንሳብ ምስ ሓለፈ ዘይምለስ፡ ግዜ፡፡
እታ ካብ ኩሉ ዝበለጸት፡ ጸቡቕ ተግባር ኢያ'ሞ ሰዓብ፡፡

## መልሲ ሰደኩ

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | 7 | 6 | 2 | 5 | 4 | 9 | 3 | 8 |
| 8 | 3 | 5 | 7 | 6 | 9 | 2 | 4 | 1 |
| 2 | 9 | 4 | 3 | 8 | 1 | 6 | 5 | 7 |
| 7 | 5 | 3 | 8 | 1 | 2 | 4 | 6 | 9 |
| 4 | 8 | 2 | 6 | 9 | 3 | 1 | 7 | 5 |
| 9 | 6 | 1 | 5 | 4 | 7 | 3 | 8 | 2 |
| 6 | 2 | 7 | 1 | 3 | 8 | 5 | 9 | 4 |
| 5 | 1 | 9 | 4 | 7 | 6 | 8 | 2 | 3 |
| 3 | 4 | 8 | 9 | 2 | 5 | 7 | 1 | 6 |

# ሳዋ፡ ዕቱብ ምርጫ ንውሑስ መጻኢ

ኰሎኔል እዝራ ወልደገብርኤል
(3ይን መወዳእታን ክፋል)

*እዚ ብምኽንያት መበል 30 ዓመት ምምስራት ማእከል ስልጠና መንእሰያት ሳዋ እነቕርበልኩም ዘሎና ሓጺር ጽሑፍ፡ ጸምባል ብሩራዊ እያባልዩ ማእከል ስልጠና ሳዋ ምኽንያት ብምግባር ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ኣብ መጽሓፍ ዋርሳይ ዛንታታት ተማኩሮ ገደሲ ቅጺ-10 ሰፊሩ ዘሎ እዩ።*

***

**ንጥፈታት ሕርሻን ዕደናን - ሳዋ፦**

ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ - ሳዋ፡ ማዕረ ማዕረ ናይ ስልጠና መደባቱ ካብ 1997 ጀሚሩ ከም ኣካል ምህናጽ ሳዋን ምድንፋዕ ማእቶታዊ ብቕዓት ተዓለምቲን ኣብ ምርግጋጽ ዕዳጋታት ሃገር ኣበርክቶ ንምግባር ብምሕሳብ "ኣግሮ ኢንዳስትሪ ሳዋ ኣፍ-ሂምባል" ዝተባህለ ትካል ብምቛም ዘመናዊ ሕርሻ ናይ ምልማዕ ዓቢ መደብ ኣተግቢሩ። ኣብ 2008 ክሳብ ናብ ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ዝሰጋገር ደማ ብዘፍርዮ ዝበረ ሕርሻዊ ምህርቲ ኣብ ምርግጋጽ ዕዳጋታት ዝምስገን ኣበርክቶ ገይሩ።

ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብዘይካ'ዚ ምስ ቁጠባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን ብምትሕብባር "ትካል ዕደና ወርቂ ረጋጋ" ዝተሰምየ ትካል ብምቛም፡ ኣብ ምዕዳንን ምዕዳንን ወርቂ ዝኣደ ኣበርክቶ ምግባሩ ካልእ ከይተጠቕሰ ዘይሕለፍ ኣበርክቶ ሳዋ እዩ። እዚ ትካል'ዚ ካብ 2005 ክሳብ 2009 ኣብ ዝበረ እዋናት 243.5 ኪ.ግ ወርቂ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ክዙበር ከምዝኸኣለ ጸብጻባቱ ይሕብር።

ትካል ኣግሮ ኢንዳስትሪ ሳዋ-ኣፍሂምባል ከምኡ'ውን ናይ ሳዋ ቴክኒካዊ ክፍልታት (መጓዓዝያ፡ ጋራጅ፡ ኤሌትሪክ፡ ድራውሊክ፡ ጨንፈር ስፊት) ኣብ 2008 ምስ ምሉእ ዓቕሚ ሰቡን ካብ ምሕደራ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ወጺኦን ናብ ኣሃዱ ህዝባዊ ኣገልግሎት ቴክኒክ ከምዝሰጋገራ እዩ ተገይሩ። ኣብ 2011 ድማ፡ ኣካል ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝበረ "ኩባንያ ህንጻ ሳዋ" ምስ ምሉእ ዓቕሚ ሰቡን ዓጢቑዎ ዝበረ ንብረትን ናብ ኣወሃሃዲ ሓፈሻዊ ህንጻትን ኢንጂነሪንግን ተሰጋጊሩ።

***

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ በዞን ዓብይቲ ማእከላት ስልጠናን ትካላትን ሳዋ ዝተሰላሰለ ዕማማት ኮይኑ፡ ብስታፋት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ዝተዓመሙ መደባት ስራሕ እውን ዓበይቲን ወሰንቲን እዮም ነይሮም።

**ስታፍ ምምሕዳር፦**

ስሩዕነት ምቕራሐን ጸንዐ ቁጽጽርን ዓቕሚ-ሰብ፡ ጸብጻብ ዓቕሚ-ሰብ ሓደስቲ ተዓለምቲ ብምድላው ማስርሒ ምደባ ኣብ ግዚኡ ኣሳሊጡ፡ ግቡእ ሃገራዊ ኣገልግሎቶም ንዘወድኡ ዜጋታት ዘድሊ ቅጥዒ ኣማሊኡ ኣፋንዩ። ምልክታት መዓርግ ዓዲሉን ሰነዳቱ ብግቡእ ከምዝዕቀብ ገይሩን። ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ዘርያ ብሓደስቲ ተዓለምቲ ዝምላእ ፎርም ቅጺ 001/92 ሓደ-ብሓደ ብደቂቕ ተቖጻጺሩ ኣብ ዳታ ኤንትሪ ከምዝሰፍር ገይሩ። እዋናዊ ፎቶ-ግራፍ ብምልዓል ወተሃደራዊ ቁጽሪ ዓዲሉን ሰነዳቶም ብግቡእ ዓቂቡን ካልእ ኣድላዪ ምምሕዳራዊ ንጥፈታት ኣካይዱን።

**ስታፍ ሎጂስቲክስ፦**

እዚ ስታፍ'ዚ፡ ከም ደምን ስር-ደምን ዝርአ፡ ኣብ ኩሉ ዕለታዊ ስራሓትን ስልጠናን ስትራተጂካዊ ተራ ዝጻወተ፡ ወዘተ ደገፍ ኮይኑ፡ ስራሕ ንምኽያድ ዘድሊ ኩሉ ቀረብት - መጓዓዝያ ንሰብን ደረቕ ጽዕነትን፡ ነዳዲ፡ ጸገና መካይን፡ ምወፋር፡ ዕጥቂ ኣጽዋርን ተተኮስትን፡ ኣልባሳት፡ ስንቂ፡ ዕዮ ሕብስቲ፡ ኣብያተ ዕዮ ሓጺንን ዕንጸይትን፡ ኤሌትሪክ፡ ስራሓት ስሚንቶ፡ ጸገና ፍሪጅን ኮንዲሽነርን ከምኡ'ውን ኣገልግሎታት ማይን ኤሌትሪክን - ዝኣመሰለ ኣዝዩ ሰፊሕን ዘዩቋርጽን ዝፍ ንዋታዊን ፊናንሻያዊን ሰብኣውን ጸጋታት ዝሓትት ዕማማት እናመሓደረ፡ ኣብ ግዜን ቦታን ከይተሓጽረ ብቐጻሊ ዘድሊ ጠለባት እናቐረበ፡ ዝዀነ ስራሕ ትምህርትን ስልጠናን ከምዝህሉ ዝገበረ ስታፍ እዩ።

**ስታፍ ፋይናንስ፦**

ማእከል ስልጠናታት ሳዋ ካብ ዝምስረት ዝዩደ ንጥፈታት ኣዝዩ ብዙሕ ከቢድን እዩ። ምስ ብዙሓት ትካላትን ኣካላትን መንግስቲን ዘሎ ናይ ፋይናንስ ስርሓት ብምስላጥ፡ ዝተፈላለዩ መጠንን ደረጃታትን ዘለዎ ደሞዝ ኣባላትን ሰራሕተኛታትን ብምድላው፡ ቀረብት መግብን መድሃኒትን ኣልባሳትን፡ ቀወምትን ሃለኽትን ንብረትን መሳሪሒታትን፡ ናይ መጓዓዝያ መሳለጥያታትን ተኽኒካዊ ኣገልግሎታትን፡ ከምኡ'ውን ሕክምናዊ ሞያዊን ኣገልግሎትን ምኽርን ዝበርከቱን ገና ዘበርክቱ ዘለዉን ዘድሊ ወጻኢታትን ፒዝዞዊ ሕሳባትን ብጽሬት ኣብ ምስልሳል፡ ኣማኢት ሚልዮናት ዝገመቱ ናይ ወሸጢ ሃገርን ናይ ዝተፈላለየ ናይ ወጻኢ ሃገራት ሸርፊ ዝሓቱ ዝፍቲ ወጻኢታት፡ ሕጋዊ ማስርሒ ተኸቲሉም ከምዝፍጸሙን ከምዝመቓርሑን፡ ሰነዳቶም ተማሊኡ ከምዝቐርብን ኣብ ምግባር ዕውት ስራሕ ፈጺሙ እዩ።

**ስታፍ ኣገልግሎት ጥዕና፦**

ንተሳተፍቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮነ ኣባላት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ብቑዕ ኣገልግሎት ጥዕና ከምዝረኽቡ ኣብ ምግባር ዕውት ስራሕ ዝሰርሐ እዩ። ኣብ ከም ሳዋ ዝኣመሰለ ብዙሕ ሰብ ዝእከበሉ ቦታ ጥራይ ዘይኮነ ሕማም ዓሶ ብዝበዝሐ ዝርኣየሉ ከባቢ፡ ህላወ ኣገልግሎት ጥዕና ወሳኒ እዩ። በዚ ድማ እቲ ማእከል ክምስረት እንከሎ፡ ሞያውያን ሕክምና፡ መድሃኒት፡ ናውቲ ሕክምና፡ መደቀሲ ሕሙማትን መግብን ምቕራብ ብቕዳማይ ደረጃ ተሰሪዑ፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ጥዕና ዘድሊ ምድላዋት'ዩ ተገይሩ። ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ሳዋ፡ መረድኢታት (Data) መጠን ዝናብን ሙቐትን፡ ሕሉፍ ታሪኽ ሕማማት ዓሶ ብግቡእ ተጸኒዑ ድማ፡ ሕማም ዓሶ ናይ ምክልኻል ዕማም ዝዓበየ ኣተኩሮ ተዋሂብዎ፡ ንዕኡ ዘተግብራ ኣካላት ካብ ሆስፒታል ሳዋ ጀሚርካ ክሳብ ናይ ሕክምና ቦጦሎኒታት ቀይመን ናይ ጽርየት ኮሚቴታት ተመስሪተን። ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዝተላእኩ ክኢላታት ምስኦም ኣካላት እዚኦቶም ተወሃሂዶም ኣብ ምክልኻልን ምፍዋስን ሕማም ዓሶ ዕውት ስራሕ ኣካይዶም። ስሙናዊ ምዕዳል ከኒና፡ ምንጻግ ጸረ ጣንጡ መድሃኒት፡ ምድፋን ዓዘቕቲ፡ ምዕዳል ናመሲያ ገለ ካብቲ ብቐጻሊ ክካየዱ ዝጸንሑ ስርሓት እዩ።

ጥዕናዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ኣብ ምክልኻል ዓሶ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይነበረን። ክሳብ 2002 ዝቐጸለ መርመራታት ደም ኤች.ኣይ.ቪ፣ ምምማይ ንወተሃደራዊ ታዕሊም ዘይበቕዑ መንእሰያት፣ መጠነ ንኡስ መጥባሕቲታት፣ ህዝባዊ ኣገልግሎት ጥዕና ብምስልሳል፡ ኣገልግሎት ጥዕና ሳዋ ድልዱል መሰረት ከምዝሕዝ ዝገበረ ስታፍ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ግዜ ወራር ወያነ ዝተወግኡ ኣባላት ሰራዊት ተቐቢሉ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብምሃብ ኣዝዩ ዝምስገን ስራሕ ፈጺሙ።

**ስታፍ መራኸቢታት፦**

እዚ ስታፍ'ዚ፡ ካብ ምጅማር ሃገራዊ ኣገልግሎት 1994 ጀሚሩ ናይ መራኸቢታት ስራሕ ኣብ ምውዳድን ምጥጣሕን ዓቢ ስራሕ ፈጺሙ እዩ። እዚ ኣካል'ዚ፡ ኣብ ሬድዮ ርክብ፡ መስመር ቴሌፎን (ወሽጣዊን ግዳማውን)፡ ኣገልግሎት ፖስታ፡ ምብጻሕ ናይ ስራሕ ሰነዳት ዝጥፍን ኣብዚ ዕማም'ዚ ምስ ዝጥፋ ኣካላት መንግስቲ ተሓባቢሩ ዝሰርሐን ስታፍ እዩ። ኣብ ምጅማር ሳዋ፡ ብማንዋል ዝሰርሓ ስርሓት ቡልጋርያ ቴሌፎናት እየን ነይረን። ቀጺለን ኣር-ሳት፡ ሲመንስ፡ ሃይፓዝን በብመድረኹ ተኣታትየን። ጸኒሑ ከኣ ብመገዲ ኤሪቴል ናይ ተንቀሳቓሲ ተሌፎንን CDMAን ኣገልግሎት ተኣታትዩ። በዓል መዚ ኣገልግሎት ፖስታ እውን ካብ 1ይ ዙርያ ጀሚሩ ኣብ ሳዋ ጨንፈር ብምኽፋት ልዑል ኣበርክቶ ገይሩ እዩ።

**ኩባንያ ህንጻ ሳዋ፦**

ሳዋ ካብ ቴንዳ ተበጊሳ ኣብ ሕጂ ሒዛቶ ዘላ መልክዕ ክትሕዝ ዝተሓለፈ ማስርሕ፡ ዝተኻየደ ጻዕርን ዝፈሰሰ ርሃጽን ዝፍ እዩ። ምስራሕ ሃንገራትን ካልእ ዘመናዊ ህንጻታትን፡ ምህናጽ ጽርግያታት መዓርፎ ነፈርቲን ካልእ ትሕተ-ቅርጻን ምግራብ፡ ምኹዕት ዒላታት፡ ምዝርጋሕ ማስመሪት ማይ ወዘተ....፡ ብዙሕ ርሃጽን ጉልበትን ሓንጎልን ፈሲሱዎ እዩ። እዚ ኣብ ምትግባር ሳዋ ናይ ጉዱእ ርእሱ ናይ ህንጻ ትካል ብምውዳብ ኣብ ምድላው ንድፊን ትግባረን ምስተን ኑቲ ፕሮጀክትታት ሐዚንኡ ዝበራ ኩባንያታት ሰገን ደብዮት፡ ሃንገርን ወዲ-ቅምጊን ካልኦትን ተዋሂዶ ዕውት ስራሕ ፈጺሙ። በዘን ኩባንያታት ዝተተግበረ ፕሮጀክታት ብዙሕ ገዛበ ዝፈሰሶ እዩ። ኣብ'ዚ ስርሓት'ዚ ተራ ኩባንያ ህንጻ ሳዋ ዝኣደ እዩ ነይሩ። ኩባንያ ህንጻ ሳዋ፡ ካብ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ምስ ወጸ፡ ንህንጻታት እትከታተል ካልእ ሓንቲ ኣሃዱ ኣብ ሳዋ ከምእትቐውም ተገይሩ። እዛ ኣሃዱ'ዚ ከኣ ናይ ጸገናን ሓዳሽ ስራሕን ዕማማት ኣብ ምስልሳል ትርከብ።

**ፖለቲካውን ኸዕዓውን ስርሓት፦**

መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ንመንእሰያት ብወተሃደራዊ ሞያን ኣካላዊ ብቕዓትን ኣብ ምህናጽ ዝተሓጽረ ኣይኮነን። ኣእምሮኣዊ ህንጸት እውን ማዕረኡ ዝሰርዕ ዝዓበየ ዕማም ናይቲ ዝወሃብ ስልጠና እዩ። መንእሰያት፡ ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ክብ ክብል፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኣርእስታት ዘለዎም ፍልጠት ክዓሙቕ፡ ዝተወጠኑ ሃገራዊ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ሃገር ክርድኡን ብንቕሓት ከተግብሩን፡ ካብ ኩሉ ትሕተ ሃገራዊ ስሚዒታት ሓራ ኮይኖም፡ ዘመናዊ ሕብረተሰብ ኣብ ምህናጽ ልዑል ተራ ዝጻወቱ ንክኾኑ፡ ፖለቲካዊ ስራሕን ኸዕዓዊ ንጥፈታትን ኣገዳሲን ዓቢይን ዕማም እዩ። በዚ ድማ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምትሕብባር፡ ኒ. ኒ. ወተሃደራውን ኣካዳምያውን ትምህርቲ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ብዕቱብ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። ሰፊዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ሰሚናራት፡ ባህላዊ መደባት፡ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት፡ ምርኢት ፊልምታት፡ ኤግዚቢሽናት፡ ፌስቲቫል መንእሰያት፡ ስፖርታዊ መደባት ኣካል ንጥፈታት ሳዋ እየም። እዚ ዕማም'ዚ ንውጽኢታት መንእሰያትን ደቀንስትዮን እውን የጠቓልል። ስታፍ ኸዕዓዊ ሓብሬታን ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ እዚ ስራሕ'ዚ ምስ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን፡ ሃማማትኤ፡ ሃማደኤን ካልኦት ኣካላት መንግስትን ተወሃሂዱ ዝተግበሮ ኮይኑ፡ ኣብ ሳዋ ፖለቲካውን ኸዕዓውን ስራሕ፡ ኣድማዕነቱ እናሓየለ ክመጽእ ዝኸኣለ ዕማም እዩ።

**ምክትታል ንግዳውያን ትካላት፦**

ኣብ ትሕቲ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል፡ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮ ዘድልዩ ብሎጂስቲክስ ሚኒስትሪ ምክልኻል ክቐርቡ ዘይክእሉ ኣስቤዛታትን ካልእ ጠለባትን ንምምላእ ዝቖሙ፡ ብርትዓዊ ዋጋ ኣገልግሎት ዝህቡ ድኳናት፡ መዛናግዒ ክለባት ኣለዉ። እዞም ንጥፈታት'ዚ ዝከታተል ካብ 1995 ኣትሒዙ ዝተኸፍተ "ምክትታል ንግዳውያን ትካላት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል"፡ እዘን ትካላት'ዘለዋን ኮነ መፍረ እንስሳን ሕርሻዊ ልምዓትን ኣብ ምምስራት፡ ምዕባይን ምስፋሕን ድልየት ተገልገልቲ ብዝሟላ መገዲ ኣብ ምርዋይ፡ ኣሰራርሓኡ ምስ መምርሕታት መንግስቲ ብምስናይ ክዋጥፍ ዝጸንሐ ትካል ኮይኑ፡ ኣብ ሳዋ ልዑል ኣበርክቶ ዝበረ እዩ።

***

ሳዋ ንምህናጽ ዝተሓልፈ ጻዕርን ዝተገብረ ወፍሪን ዝተሳለሰ ዕማማትን በዚ ሓጺር ጽሑፍ ብምልኣት ክግለጽ ከምዝይክእል ርዱእ እዩ። እዚ ኣፈናዊ ጽሑፍ'ዚ፡ እንምበኣር፡ ኣመሰራርታን ኣመዓባብላን ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ብዝምልከት ሓፈሻዊ ስእሊ ንምሃብ፡ ሳዋ ካብይ ተበጊሳ ኣበይ ደረጃ ከምዝበጽሐትን ዘሰላሰሎም ዓበይቲ ዕማማትን ብጭልፋ ብምድህሳስ ኣብ ሳዋ ዝርከብ ዝተፈላለያ ማእከላት ስልጠና፡ ወሃብቲ ደገፍ ስታፋትን ትካላትን ዘካይድኦ ንጥፈታት እንታይ ከምዝመስል ንኣንባቢ ሓፈሻዊ መረዳእታ ንምሃብ ዝቐረበ እዩ።

## ሳዋ

መጽናዕቲ ብዙርያ ቦታታት
ብሕርያ
ኣብቲ ሶጣሕ ጎልጉል መንእሰይ

ክዕስል
ጻውዒት ተገይሩ ኩሉ ንሃገሩ
መልሲ ሕራይ ኮነ ጠርነፈ
ማህደሩ።

ንኹሉ ዘድሊ ካብ ተፈጥሮ
ትደሊ
ኣብ ኣግራብ ተጽልል፡
መዕቁቢ'ኻ

ትኽልል
ብኸመይ ትውዕል፡ ብኸመይ

ትቕጽል
ንህይወት ትጣቡ፡ ሜላታት

ትፈጥር
ትመራመር፡ ማዕረኡ -
ትጥንክር።
ብሃገር ደረጃ ኩል'ኻ ትእኩብ
ትምርሽ ንጉዕዞ፡ ኣብ ሓንቲ
መርኩብ
ኣሰማትካ ትጽዋዕ ኩል'ካ
ትምደብ
በቦዕል'ካ ትላለ ትዛመድ
ጉርብትና ትፈጥር ሓድነት።

ሳዋ
ባህሊ ስራሕ ትኸሰኩስ
ድሲፕሊን ተንግስ
ኣካላትካ ተደልድል
ኣእምሮኻ ተጋድል
ሓድነትካ ትጠምር
ብሄራትካ ትሃግር
ዞባታትካ ትሕብር
ብሓባር ትኑብር።
ኮለጅ'ያ ዩኒቨርሲቲ
በብዓሙቱ እትዓቢ
ቤተ መዛኽር'ያ ዕርዲ
ቅርሲ እውን'ያ ዘውዲ።

ሳዋ ንባዕላ ዓጢቓ ኢያ
ኣሎ ዝበሃል ዓውደ-ሞያ
ሳላ ዝዓጠቕካ ዝፈለጥካ ኢኻ
ሃገር ኣድሒንካ ኣውሒስካ።

ስምካ ኮይኑ ዋርሳይ
ኣብ ሳዋ ከርከበት፡ ኣቲኻ
ንሕዳይ
ኩሉ ርኢኻዮ፡ ዕርዲ ሳሕል ዓባይ
ዛሩ፡ ሓስታ ጊርካ ኣቲኻ
ንሂምባል
ዒታሮ፡ ሸንኮላት በቲ ዓቢ ገደል
ኩሉ ኩሊልካዮ ዓራርብ ኦሮታ
ቤት-ትምህርቲ ሰውራ ምስ ኩሉ

ትካላታ
ርእሰ ምርኮሳ'ዩ ዘርኢ እቲ -
ባይታ።
ሕሽኩብ ምስ ዓንበርበብ ተንኪፍካ

ንጻብራ
ንዊና ኣማእኪልካ ፈደል
"T"ኣብ እግራ
እምባ ደንደን ደይብካ ንጸማን

ፈርኔሎ
ጺጋምካ ዋንጫ ኢያ የብሉን
ኣንገሎ።
ዕቱብ ምርጫ እዩ ንውሑስ
መጻኢ
ሳዋ ተደኩና ብርሃን ንኽንርኢ!

**ሜጀር ተወልደ ብጹእኣምላኽ**
**ኣብል ሓይሊ ኣየር**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY Notice No. 2024/04

The United Nations Children's Fund (UNICEF) in Eritrea is inviting applications from suitably qualified applicants for the post of **COMMUNICATION Officer, NOA, Post# 0128625, Asmara-Eritrea.**

TYPE OF APPOINTMENT: **Temporary Appointment**

DURATION: **364 Days**

UNICEF works in some of the world's toughest places, to reach the world's most disadvantaged children. To save their lives. To defend their rights. To help them fulfill their potential. Across 190 countries and territories, we work for every child, everywhere, every day, to build a better world for everyone. **And we never give up!**

**For every child, an advocate!**

UNICEF's Global Communication Strategy includes the use of different channels to position children's issues in all social domains. We aim to disseminate information related to our work on the ground, reach key audiences, advocate, and raise awareness to protect children's rights. To that end, the communication section requires the support of a highly qualified individual to contribute to the production of content and disseminate information related to UNICEF's programmatic implementation in the country. It is also expected that the incumbent will feed digital channels and contribute to settling activities and events, among others.

**OBJECTIVES OF THE ASSIGNMENT**

The post incumbent will be reporting to the Communication Specialist at UNICEF Communication Unit. This position aims to strengthen UNICEF Eritrea's communications by Enhancing Visibility and Recognition (bringing support to the development and implementation of strategic communication activities to increase UNICEF Eritrea's visibility and brand recognition among key stakeholders (government, media, donors, etc.), Leverage social media platforms to amplify UNICEF's work for Eritrean children, produce clear, concise, and impactful communication materials, media content, reports, etc.) that meet UNICEF's global communication standards. Craft compelling narratives that showcase the impact of UNICEF's programs on children's lives in Eritrea. Support stakeholder engagement initiatives, including media relations and events management, and monitor and evaluate the effectiveness of communication activities by defining Key Performance Indicators and reporting on the results.

**Specific Tasks, Deliverables, and Timeline:**

**The incumbent will support the following tasks:**

**Content Creation:** Support the production of compelling communication materials (press releases, human-interest stories, reports, presentations, web content, briefing notes, and other advocacy or informative material) aligned with UNICEF's communication guidelines.

Prepare background communication and promotional materials for briefing and visits of media and other special interest groups. Assist in the planning, logistics, and administrative arrangements for them.

**Audiovisual Communication:** Follow up on the production of advocacy and communication materials (e.g., films, videos, audio-visuals, etc.), and oversee the qualitative aspects of production, (e.g., quality control, translations, reviews of layout and graphic design, etc.) to meet standards as set out in the Communication Toolkit.

Design and develop infographics, presentations, and other visual content to enhance communication effectiveness.

Maintain an up-to-date documentation center for communication materials including publications, press releases, clippings, photographs, audio-visual materials, web resources, etc.

**Media Relations:** Assist in collaborating with media. Contribute to the development of positive relationships with media representatives, fostering open communication channels.

**Media Outreach:** Pitch newsworthy stories to media outlets relevant to UNICEF Eritrea's work, considering upcoming events.

**Media Monitoring:** Track and analyze media coverage of UNICEF's work in Eritrea, identifying opportunities and potential challenges.

**Social Media Content Creation**: Craft engaging social media content aligned with communication materials and the internal event calendar.

**Social Media Measurement:** Monitor and analyze social media activity using relevant metrics to understand audience engagement to make recommendations to enhance UNICEF's social media presence.

**Report writing:** Develop and share progress reports.

Write and submit a Final Report with findings and recommendations.

**To qualify as a champion for every child you will have:**

<u>**Education:**</u> University degree in Communications, Journalism/Media, Public Relations, Digital Technology/Marketing/Media or related field.

<u>**Work Experience:**</u> Minimum one-year practical professional work experience in communication, print and broadcast media, or interactive digital media. Fieldwork experience and other relevant areas related to the work at hand.

Self-starter and well-organized person.

Fluency in English and the local language (Tigrinya) is required.

Communicates effectively through writing to varied audiences.

Familiarity with the UN is an asset.

**UNICEF's Core values**

Care, Respect, Integrity, Trust and Accountability

**UNICEF's Core Competencies**

Demonstrates Self Awareness and Ethical Awareness (1); Works Collaboratively with others (1); Builds and Maintains Partnerships (1); Innovates and Embraces Change (1); Thinks and Acts Strategically (1); Drive to achieve impactful results (1); Manages ambiguity and complexity (1).

UNICEF is committed to diversity and inclusion within its workforce, and encourages all candidates, irrespective of gender, nationality, religious and ethnic backgrounds, including persons living with disabilities, to apply to become a part of the organization.

UNICEF has a zero-tolerance policy on conduct that is incompatible with the aims and objectives of the United Nations and UNICEF, including sexual exploitation and abuse, sexual harassment, abuse of authority and discrimination. UNICEF also adheres to strict child safeguarding principles. All selected candidates will, therefore, undergo rigorous reference and background checks, and will be expected to adhere to these standards and principles.

<u>**Qualified female candidates are encouraged to apply.**</u>

**CANDIDATES SHOULD PROVIDE EVIDENCE OF COMPLETION/EXEMPTION FROM NATIONAL SERVICE. PLEASE NOTE THAT COMPLETION/EXEMPTION OF NATIONAL SERVICE IS A REQUIREMENT. A COPY OF THE CARD/EXEMPTION <u>MUST</u> BE ATTACHED. APPLICATIONS <u>WITHOUT</u> THIS REQUIREMENT <u>WILL NOT</u> BE CONSIDERED.**

**Closing date of Application:** <u>**7 days from date of advertisement**</u>

**Remarks: only qualified candidates will be short-listed and invited for the interview.**

Please note that UNICEF is a smoke-free environment.

Candidates should submit their application by following the below link:

http://surl.li/tvgzi **Or** http://surl.li/tvgzy

In the online application, candidates should complete the online P11, upload their recent CV, highest academic qualifications, and other relevant qualifications.

---

ኣነ እስቲፋኖስ ኣብርሃ ገብረመድህን +2 ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ ዞባ ቲራቮሎ ፕሎት 16 ፓርሰል ዞን ASP00037243 ፓርል 8Z ከበ/ዚፕ-ኮድ 1A189 ጉደና ኣበ ቁጽሪ ገዛ 15 ዝርከብ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁጽሪ 1:013151/1 ብስም ወላዲትና ነፍ.ዛይድ ጆቫኒ ኣርኣያ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ካብ ወላዲትና ብውርሲ ስለ ዝረኸብናዮ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጻሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ፡፡

እስቲፋኖስ ኣብርሃ ገብረመድህን+2

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC) is inviting applicants for the following position for Asmara project sites.

**Position**: Chef/ Cook
**Department**: Administration
**Number Required**: 01
**Contract Type**: Indefinite

**Major Duties and Responsibilities**

- Conduct daily shift briefings to kitchen colleagues.
- Planning and development of Menu to keep their establishments fresh and innovative.
- Preparing best meals every day at the right time.
- Train, lead and motivate kitchen staffs.
- Ordering different supplies needed for the Catering.
- Supervise kitchen staff from dishwashers on up, oversee food safety, and work with the front of house staff.
- Managing kitchen budget, ensure weekly orders are placed and accurate according manpower plan.
- Enforcing health and safety regulations at all times. Ensure proper hygiene requirement.
- Ensure quality standards are met by actively participating in kitchen with kitchen staffs..
- Ensure all VIP visitors are handled and prioritized properly.
- Preserving food quality and timelines of service.
- Minimize food wastage and spoilage.
- Research all ethnic foods to have an understanding of items and cooking methods.
- Advising standard manpower needed for quality service.

**Qualification and other Skill**

| | |
|---|---|
| Formal education, certificate or equivalent | ❖ Certificate in Food Preparation and Hotel Management. Diploma in the above stated field is advantageous. |
| Work Experience – Nature & Length | ❖ Minimum 5 years as Chef/ Cook and 5 years as assistant and/or Chef/ Cook. |
| Other skills and abilities | ❖ Certificate in Food Hygiene.<br>❖ Certificate in Cook Training<br>❖ Effective spoken and written communication.<br>❖ Attention to details, deliver results according to company procedure & solution oriented<br>❖ Team player and good interpersonal communication skills |

Tel: 291-1-113439   St. Abo, zip178 No.14 Nishtey Gejeret
P.O. Box 4832   ASMARA – ERITREA

General Information and Other Requirement

- Place of Work: Asmara Project Sites (Emba Derho)
- Salary: As per Company salary scale

Additional Requirement for Nationals:

- Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
- Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
- Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All application should be sent through the post office.
- Deadline for application; 05 days from the date of publication on the newspapers

**Address: Please mail your application to;**
Eritrea
Sichuan Mineral
Construction CORP.
LTD (ESMC)
P.O. Box. 4832
Asmara, Eritrea

**Required to send a copy of their application to the following address**
Mineral Resources Management, Department of Mines
P.O. Box. 272
Asmara, Eritrea

**Note to Eritrean applicants:**
Please send a copy of your application to Aliens Employment permits Affairs, P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

Tel: 291-1-113439   St. Abo, zip178 No.14 Nishtey Gejeret   P.O. Box 4832   ASMARA – ERITREA

## ምልክታ ጨረታ

### ፋብሪካ በራ ኣስመራ

ፋብሪካ በራ ኣስመራ ዝ.ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ንብረት ብዘለዎ ኩነታት ብጨረታ ክሸይጥ ስለዝደለየ፡ ናይ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎምን ናይ 2023 ዓ.ም. ግብሪ ዝኸፈሉን ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም። ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ንጸባሒቱ ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ይኽፈት።

| ተ.ቁ. | ዓይነት ንብረት |
|---|---|
| | ናይ 50, 20, 10 ኪሎ መሸማዓት |
| | ናይ 50, 100 ካልኣይ ኢድ መሸማዓት |
| | ናይ 50, 30, 25, 10, 5 ሊትሮ ፕላስቲክ ጀሪካናት |
| | ናይ 200ን 30ን ሊትሮ ሓጺን በርሚል |
| | ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ካርቶናት |
| | ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ጸፋሕቲ ካርቶን |
| | ቁርጽራጽ ካርቶን፣ ፕላስቲክ ወ.ዘ.ተ. |

- ተጫረትቲ ዝርዝር ንጨረታ ዝቐረቡ ኣቑሑት ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ፋብሪካ በራ ኣስመራ ክወስዱ ይኽእሉ።
- ጨረታ ክፉት ኣብ ዝኾኑሉ ናይ ስራሕ መዓልታት ካብ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 11:00 ቅ.ቀ. ንጨረታ ንዝቐረበ ኣቑሑት ክዕዘቡ ይኽእሉ።
- ተጫረትቲ እዚ ዝስዕብ መጠን ገንዘብ ብCPO ክሳብ መወዳእታ ዕለት ምቕባል ሰነድ ጨረታ ከትሕዙ ይግባእ።

ሀ) ካብ ተ.ቁ. 1 ክሳብ 4 ዝዘሎ ንብረት ዝጫረቱ ተጫረትቲ ንመኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 100,000 ናቕፋ

ለ) ካብ ተ.ቁ. 5 ክሳብ ተ.ቁ. 7 ዝዘሎ ንብረት ዝጫረቱ ተጫረትቲ ድማ ንመኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 50,000 ናቕፋ

- ተጫረቲ ዝኸዘኣሉ ዋጋታት ኣብ ሰነድ ጨረታ ብገጽሩ የስፍሩ። ንጹር ዘይኮነ ዋጋታት ዝሓዘ ሰነድ ተቐባልነት ኣይህልዎን።
- ተዓዋቲ ጨረታ ናይ ዝተዓወተሉ ንብረት ዝምልከት ዝኾነ ወጻኢ ባዕሉ ይሽፍን። ክኽፈሉ ዝግባእ ክፍሊታት (ግብርን ካልእን) ከፊሉ ከአ ጨረታ ካብ ዝተኸፍተሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ቀጽሪ ፋብሪካ ከልዕል ይግባእ።
- ፋብሪካና ነቲ ጨረታ ብኸፊል ኮነ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

**ፋብሪካ በራ ኣስመራ**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Senior Drill & Blast Supervisor**
   **Department: Mining**

   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To manage and coordinate all day to day facets as well as long term strategy of the drill and blast operation.
- To effectively manage the operational requirements in a safe and cost effectively manner.
- Knowledge transfer and mentoring is a must in this role to Engineers and Supervisors.

**ESSENTIAL FUNCTIONS**

- Ensuring that drill and blast section outcomes are met through a safe, effective with efficient utilization of resources (human and capital), in accordance with company objectives. Accountable for delivering individual and team production targets, coaching and mentoring the team members for continuous improvement.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Safety, Health and Environment
- People
- Productivity

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- This role require a strong leadership capability and strive to achieve KPI attitude
- Actively participate in Eritreans skills development:
- Identify employee(s) whom he/she is responsible to mentor (his protégés)
- Provide 'on the job' skills training to protégés
- Schedule protégés skills evaluations
- Provide timely and constructive feedback on the protégé's performance and progress to the protégé
- Provide timely and constructive feedback on the protégé's performance and progress to the training department
- Complete 'on the job training records' and submit to the training department
- Liaise with the training department on protégé's practical assessments; theoretical assessments; training requirements; external training requirements; and external assessment requirements.
- Work nightshift with protégé(s) (if applicable such as in production departments)
- Participate in the development and updating of applicable Standard Operating Procedures
- Provide 'on the job training' to protégés on Standard Operating Procedures
- Promote PDP and Nationalization
- The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications**: | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • 15 years operational experience in Drill and Blast as a Driller, shotfirer, MMU Operator, Supervisors with previous experience at Superintendent Level. | • Significant experience in a hard rock mining environment<br>• Comprehensive Supervision and leadership skills<br>• Explosive Magazine Managements<br>• Extensive Experienced in dealing with and managing Reactive Ground<br>• Extensive Experienced MMU operational experience<br>• Extensive Experienced Atlas Copco D65 Drillers<br>• Extensive Experienced Cat MD 6290 Drillers<br>• Experienced Loader and Skid steer operation (Stemming blast holes) |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy (Word, Excel, Power Point)<br>• Experience with Surpac & Blast Map Software's<br>• Certificate 4 trainer and Assessor<br>• Problem solving and solution implementation | • Interpersonal skills, Ability to work under pressure, Results oriented<br>• Good interdepartmental communication<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment<br>• Supervision and leadership skills<br>• A commitment to safe work practices<br>• Self-motivation and organisation and planning skills<br>• Strong communication skills, written and oral<br>• A willingness to transfer knowledge to a national workforce |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

---

ኣነ ጉይትኦም ዓንደ ተስፋሚካኤል ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ን/ዞባ 03 (ምም/ን/ዞባ ገዛ-ባንዳ ዝበን ስንቀይ) ሎታ 297 ፓርቸላ ቢ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብመለለዪ ቁጽሪ 181050 መወከሲ ቁጽሪ 139646 ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 5776095101 ተመዝጊቡ ዋንኡ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስለዝዓደኩዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ኣቶ ጉይትኦም ዓንደ ተስፋሚካኤል

---

BISHA MINING SHARE COMPANY

**ዕደና ጨረታ**

ኩባንያ ዕደና ቢሻ እዚ ዝስዕብ ብቑዕን ጥዕንኡ ዝሓለወ ጽፉፍ ናይ እንቋቑሖ ቀረብ ክቐርቡ ንዝኽእሉ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።

*ተጫረትቲ፡ ትካሎም ብዝምልከቶ ሚኒስትሪ ተፈላጥነትን ምስክርነትን ዘለዎ ኮይኑ፡ ደረጃ ብቕዓቱን ጥዕንኡን ዝተሓለወ ክኸውን ኣለዎ።

*ብዝሕን ዓይነትን ጠለብ ዕድጊ ብመሰረት ትእዛዝ (purchase order) ከከም ኣድላይነቱ ክውሰኽ ወይ ክጎድል ይኽእል።

*ተጫረትቲ ንዝሕተት ቀረብ ብጥዕንኡ፡ ብብቕዓቱን ብዝሑን ብዘይ ጎደሎ ክቐርቡ ምኳኖም ፈሊጦም ክቐርቡ ኣለዎም።

*ተጫረትቲ ዘቕርብዎ ዋጋታት፡ ቀቡል ምስ ሓቀኛ ህልው ዕዳጋታት ዝኸይድን ክኸውን ይግባእ።

*ኣብ ግዜ ምጽዓን፡ ኣተዓሻሽጋን (PACKING) ኣቀማምጣን ፍርያት ልዑል ቀላሕታን ጥንቃቐን ዝህቡ ክኾኑ ይግባእ።

*ተጫረትቲ ናይ ንግዲ ፍቓዶም ዝተሓደሰ ክኸውን ኣለዎ።

*ተጫረትቲ ናይ ግብሪ ግዴትኦም ዘማልኡ ክኾኑ ኣለዎም።

*መጫረቲ ፎርም ኣብ ቤት ጽሕፈትና ብምምጻእ ካብ ክፍሊ ዕድጊ ወሲድካ ምምላእ ይከኣል።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ቢሻ (ኣስመራ) ብምቕራብ ወይ 124941 ብምድዋል ንክፍሊ ዕድጊ ክትውከሱ ትኽእሉ። ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ወይ ንረብሓ ትካል ዘይከውን ኮይኑ እንተረኺብዎ በዚ ጨረታ ከምዘይግደድ፡ ብኸፊል ይኹን ብምሉእ ክሰርዞ መሰሉ ሕልው ምዃኑን ክንሕብር ንፈቱ።

ትካል ዕደና ቢሻ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ቢንያም፡ ብዓይኒ ደገፍቱ

ቢንያም ግርማይ፥ ኣብ ቱ ዲ ፍራንስ ብዘመዝገቦ ዘሎ ተኣምራዊ ዓወታት ህዝቢ ሓገሩ ብዝተፈላለዩ ኣገባብ ይገልጽ ኣሎ። ሰብ መኪይን ብፍላይ ድማ ታኽሲታት ባንዴራታት ዘርጊሖም



ንዓወታት በኒ፥ ዘድንቐሉ ኣይርትሃን ዶ ወዲ ሃገሩ ወዲ ኣህጉሩ'ውን ዘይብሉ ሓያል ዓለማዊ ውድድር ተደጋጋሚ ቀዳማይ


80 ዓመታት እኳ እንተኾኑ፥ ብዘይዳ ግን ድሕሪ ናጽነት ንሃገርና ወከሎም ንኽጻወቱ ባይታ ስለ ዝተራሕወን ሓያል ጻዕሪ ስለ ዝፈሰሶ፥ ውጽኢት ሰድራ ቤት፥ ደገፍቲ፥ ጋንታ፥ ፈደረሽንን ኮምሽንን እዩ። እዚ ቢንያም፡ ዘርእዮ ዘሎ ብቐዓት ብሕጂ ዝመጹ መንእሰያት ክስዕብዎ ከም ዝኾኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ንቢንያም ዝያዳ ዘድንቐ፥ ኑዩም ናይ ዓለም ሓያላት ዝበሃሉ፥ ተስፋ ብዘቖርጽ ኣገባብ ክስዕርዎን ኣዒንቶም ንዕኡ ክሕልዋ ኣብ ብርቱዕ ሰራሕ ናይ ምቅማጥ ኣእቲይወን። ኤርትራዊ ሓየት! ክቡር ፕረዚደት ኢሰይያስ ኣፈወርቂ፥ 'ናይ ~ኣፍሪቃ ወዲእና ኢና፥ ናብ ናይ ዓለም ክቃምት ኣሎና።' ኢሉ ነይሩ። ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ ተግባራዊ ኮይኑ ንርእዮ ኣሎና። በዚ ጥራይ ግን ዕጉባት ክንከውን ኣይግባእን።

ብስልፊ ተሰሪዖም ብጥሩምባ፥ ፋጻ፥ ዕልልታን ጨፈራን ንመዓልቲ ናጽነት ዘዘኻኽር ሃዋህው ብምፍጣር ባህታኦም ይገልጹ ኣለዉ። እዚ ደቡብ ሓገሩ፥ ኣብ ኣስመራ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ዝንጸባረቕ ዘሎ ስምዒት ሓገስ እዩ። ዓወታት በኒ፥ ኪኖ ሃገርና ንኣህዙብ ኣፍሪቃ ዘኸረዐ'ዩ፥ ኪኖ ኣፍሪቃውያን ኣብ መላእ ዓለም መበቆል ኣፍሪቃ ዘለዎም ዘቓንቐ ዘሎ ታሪኽ'ዩ።

ምኩር ቀባኢ፥ መምህር ናይ ቅብኣ ከምኡ'ውን ካርቶኒስት በርሀ ርእሶም፥ "ብኮርቱን ንዓወታት ቢንያም ግለጾ እንተትብሃል፥ እንታይ ምገበርካ?" ክብል ተወኪሰዮ።

ንሱ፥ ብሓንቲ ዝመሰጠቶ ኢጋጥሚ'ዩ ዕላሉ ጀሚሩለይ፥ "ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ወደይ ካብ ግዳም ናብ ገዛ እናበኸየ መጺኡ። ጸጋመይቲ ኢዱ ደም ትወጽእ ነይራ። ኣነን በዓልቲ ቤተይን ሰንቢድና፡ ፡ 'እንታይ ኰንካ' ብስንባደ ሓቲትናዮ። ወዲቐ ወይ ሰብ ሃሪሙኒ ክብለና እናተጸበና፥ ንጉዳይ ኢዱ ገዲፉ፥ 'ቢንያም ቀዳማይ ወጺኡ' ኢሉና። ንሕና በቲ ሓደ ናይ ኢዱ ጉዳይ ኣተሓሳሰቡና። ካብ'ቲ ዘገርም፥ ዓወታት ቢንያም ንዓበ. ንንእሽተይ ብሓገስ የሰራስሮ ዘድንቐ'ዩ፥ " ድሕሪ ምባሉ፥ "ኣነ ካብ'ቲ ዝያዳ

ክወጽእ ከሎ ዘኹርዕ እዩ። ካብ'ዚ ተበጊሰ እዛ ካርቱን ሰኢለያ ኣለኹ።"




እታ ቀዳመይቲ - ቢንያም፡ ከም ሮኬት እናተወንጨፈ ከሎ፥ መወዳድርቱ ድማ ምርኣዩ ስኢናም፡ ብናይ ርሑቕ መዐጸር (ኾሾኩ) ገይሮም እናረኣይዎ ከለዉ፥

እታ ካልኣይቲ ድማ ብዝመሳሰሊ እናተሓንበበ ከሎ'ያ ተርእዩ።

ኣባል ውድባዊ ጉዳያት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ መም/ሳምሶም ትካቦ (ኣቦ ወንበር ኮሚተ ስፖርት ኣርባዕተ ኣስመራ) ብዛዕባ ቢንያም ተማስጦኡ ኣብ ዝገለጸሉ፥-

"ውድድራት ቱር ዲ ፍራንስ ብኣንኩሮ'የ ዝከታተሎ። እቲ ብምዕራባውያን ወይ ኤውሮጳውያን ተባሒቱ ጥራይ ዘይኮነ ናቶም ኮይኑ ዝጸንሐ ዝነበረ ውድድር፥ ብኤርትራዊ መጋረጃ ተቐንጢጡ ክርኣ ኸሎ፥ ንዓና ጥራይ ዘይኮነ ንመላእ ኣፍሪቃን መበቆል ኣፍሪቃ ንዘለዎም ኣህዙብ ዘሐበን እዩ። እዚ ዓወት'ዚ እኩብ ድምር ናይ


ዮናስ ጎይትኦም

ኣብ'ዚ ሓደ ኤርትራዊ'ዩ ዝሳተፍ ዘሎ። ንኤርትራ ወኪሉ ኮንቲነንታል ጋንታ ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ትሳተፍ ክሳብ ንስርሕ ኣይንዝከን ኢና። ኤርትራውያን ተሃረፍቲ ከም እንኾውን ኣይጠርጠርን እየ። ዓወት ንቢንያም፡ ዓወት ንኤርትራውያን" ኢሉ ተማስጦኡን ስልጣኡን የሕሊፉ።

"በኒ- ኣብ 2018፥ ናይ መንእሰያት (ጁንየር) ክውድድር ብሓደ ናብ ግብጺ ኬድና። በኒ፥ ናይ ፊልማ መምሃሪ'ዩ ዝበረ። ከም መዘክርታ ክልተና ዝተሳኣልናያ ስእሊ'ያ እዛ ዝሀበካ ዘለኹ። ሓይራኻ ተጠቒመሉ። በኒ፥ ቐልጠፍ'ዩ። ኣብ ማውንቴን ብዙሕ ኣይጸንሐን። ቀልጢፉ ምስ ኣስቤኮ ተጸንቢሩ። ኣብ'ዚ ከድንቐ ዝደለ. ኑቲ ካብ እግረ-ተኸሉ ዝዓለሞ ሳምሶም ሰሎሞን'ዩ። ኣብ ሰሉጥነት በኒ ዓቢ ተራ ነይሩዎ'ዩ። ሕሰቦ'ሞ፥ 2018 ጁንየር እንተነይሩ፥ ልዕሊ ክልተ ዓመታት ናይ ኮቪድ ደው ምባል ኣውጺኣዮ። ኣብ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ክውዳደር በቒዑስ ኑዩም ኣለዉ. ዝበሃሉ ምኩራት ተቐዳደምቲ ዓለምና ኣምባርኪኹ ኣርእስቲ ዓለማዊ ብሽክለታ ክቕይር ከሎ፥ ንዓይ ተኣምራት እዩ፥ ብሕጸር ዝበለ ንኽገልጾ፥ 'ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ ተወንጨፉ ዝኸይድ ዘሎ ሮኬት'ዩ' ኢለ ምገልጸኩዎ።" ኣሰልጣኒት ጋንታ ጋላ ኣፍሒ. ውሓዚት ኪዳነ።

ኣባል ፖሊስ ኤርትራ፥ የናስ ጎይትኦም ብወገኑ፥ "ዓይኒ ንስሪ" ክብል'ዩ ገሊጽዎ። ንሱ ወሲኹ፥ "ኣብ 2015፥ ዳንኤል ተኽለሃይማኖትን መርሃዊ ቅዱስን ኣብ ቱር ዲ ፍራንስ ኣኹሪዖሙና ክመጹ ከለዉ፥ ቢንያም ግርማይ ሓደ ካብ'ቶም ንኣሹቱ ኣብ ማውንቴን ተወጢሖም ዝተቐበልዎ'ዩ። እዚ ተቐዳዳማይ ኣብ


ቢኒ ምስ ወሓዚት

ቀረባ ኮይኑ ንርሑቕ ዘቋምት፥ ንዘቋሙቶ ድማ ኣብ ሓጺር ግዜ ዘተግብር ኮርዒዳ እዩ።" ኢሉ።

ካብ ውድድር ማውንቴን ክሳብ ቱር ዲ ፍራንስ ንቢንያም ዝደገፉዎን ዝድግፍዎ ዘለዉን ብዙሓት'ዮም። ሓደ ካብኦም ኣሰልጣኒ ግራስ ሩትስ ዳናኤል ኣብርሃ'ዩ። ንሱ ብዛዕባ ቢንያም ክገልጽ ከሎ፥ "ኣነ ንቢንያም ክገልጾ ኣዝዩ'ዩ ዝኸብደኒ። ምኽንያቱ፥ ቢንያም ሓደ ካብ ቀዳሞት ተቐዳደምቲ 'ዛ ፕላኔት ኮይኑ ኣሎ። ቢንያም፡ ክዕወት ትምኒትናን ትጽቢትናን ዋላ ይኹን፥ እዚ ዘመዝገቦ ዘሎ ዓወታት ግን ቅልጣፈኡ ካብ ቺታ ኑብሪ ኣይፈልዮን'ዩ። ኣዝዩ ኣርዓዲ ተቐዳዳማይ፥ ካብ ድሕሪት እንታይ እዋኑ ኣብ ቅድሚት ተወቲፉ ይስዕርም ኣሎ ዘገርም'ዩ። እዚ ድማ ንብሕጂ ዝመጹ መንእሰያትና ዓቢ ትምህርቲን ዘዩከውን ነገር ከም ዘየለ ዘስተምህር ብርቂ ውጽኢት እዩ፥ብፍላይ፥ ኣብ መበል 12 መድረኽ ቀዳማይ ምስ ወጽአ ሃትሪክ ከም ዝሰርሐ ሰለስተ ኣጻብዕቱ ንላዕሊ ገይሩ ብምልክት ክገልጽ ከሎ መቀዳደምቱ ቀባሕባሕ ኢሎም ከም ዝርእይዎ ገይሩ። እዚ


መም ሳምሶም ትካቦ

ኣገዳሲ ባህታ ፈጢሩለይ። ፍሊፕሰን፥ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣርባዕተ ግዜ ቀዳማይ ክወጽእ ከሎ፥ ሰለምንታይ በኒ ኣርባዕተ ግዜ ወይ ሓሙሽተ ግዜ ዘይወጽእ፧ እዚ ድማ ውድድሩ ብሰላም እንተዛዚምዎ ክተግብሮ'ዩ ዝበል ትጽቢት ኣሎኒ። ቀጢልያ ማልያ ድማ ኤርትራ ክትኣቱ ኢያ።" ኢሉ።

**ኣሚን ተስፋይ**

### እቲ ጸለም ኣልማዝ

እቲ ጸለም ኣልማዝ ኑብሪ ጎልጎል
ብዝርቂ ዓወቱ ምስ በሎም ሃሮር
ኮለዕዋ ስሙ ኣደሚቑዋ ሃገር
'ቲ ንጉስ ፖደዩም ናይ ዜጋታቱ ኣምባሳደር

ባህራኡ ምስራሕ ብጽምዶ
ዓወት'ዩ ትሕድርቱ ብዘኸዶ

ዝተዓለወ ንውሓት ኾላጉሉ ዓቀቡ
ዳንጋኡ ስሒሉ ይዳዝም ዓወቱ
ዝርያ ይሃሉ ይጉዝሩ ዝጾብኡ
ኣብ ፖደዩም ይሃስ ንኹሎም ኣግሪዑ

ኤርትራ ኤርትራዊ ዞሚረን መቃልሖም
በኒያም መኹዳ ስለ ዝደበለሉ
ፖደዩሞም
ኣካ ጋህዲ ገበሮ ኑቲ ናይ ትማል ሕልሚ
'ቲ ጸለም ኣልማዝ ንሸኩኹቲ ኣዘሃሚ

ንብዓለማ ኣቃሊሕዋ በኒ በኒያም
ግርማይ
'ቲ ኣርሓ ቱር ዲ ፍራንስ ኣብ ፖደዩም
ደባላይ
ስምና ዘድመቀ ናይ ጉላዲ ጉላዳይ
ኣየባ'ቲ ደፍረቱ ኣብ ጠቐልል ሓፍናይ

ኑቲ ብሉት ሕዙእ ናይ ጸዓዱ ሕዙእቲ
ዝተቐመረ ዓወት ዝተቀረበ ኣብ ብዩቲ
እቲ ጸለም ኣልማዝ እንዶሞ ሰበሮ
ኣብ ናይ ቋሕ ሰም ግዜ ብድሎ
ከይትዕሎ

ደርጊ ዓወቱ ኣብ ህዋ ኣንሳፊፉ
ከም ሮማዲ መስከረም ኣስፋፊሑ
ከም ጎፍታ ቀላሳይ ብሓሉቡኡ ደረጋርጎ
ቱር ዲ ፍራንስ ምስክሩ ብዘይ ካገፈረግ


ጽሩባት ደናጉኡ ዝሸባ ብኣድራጋ
ዝተወፈያ ንኽብረ'ዛ መሬት ክብሪ ዜጋ
ብጥንዴራኡ ማዕርጉ ንጉስ ፖደዩም
ተቐቢሉ
ንባዕሉ ኮሪዑ ንስድራኡ ኣኹሪዑ

እቲ ጸለም ኣልማዝ ፍጹም ዘይጸዓድ
በኒ ኑብሪ ጎልጎል ብጠባይ ዝሕድ
ኣዘራብዋ ንዓለም ተጎምጊሙ ክብረት
ብቐጠሊ ማልያ ኮለዕዋ ኤርትራውነት

**ብርሃ ተኸስተ (ወዲ ቀሺ)**

### በኒ

ጉብስል ኣብዚታዊ ጎምበለ
ካብ ዓወት ዘይፍለ
ባንዴራኡ ዞሜእከለ
ናይ ዓወት ሓኽሉ።
ኤርትራዊ እንዲኻ፥ ወዲ ጽንዓት
ጅግና እንዲኻ፥ ወዲ ኹርዓት
ሃብሮም እንዲኻ፥ ዘይጸንቀቕ ጸዓት።
ኣፍሪቃ ተሓቢና ንላቲን ጸንበራ
ተሰራሰራ ስምካን ሃገርካን ኣልዒላ
ተሓቢና ኣሎና ኢላ።
ኣርእስቲ ማዕከናት ዜና ተቐይሩ
ብስምካን ሃገርካን ተዓቢሉ
ንርኢ ኣሎና ታሪኽ መስኪሩ።
በኒ
ውጽኢት ኢኻ ውጻኢት ናይ
ዝጸዓሩ
ውጻኢት ኢኻ ክድግፉኻ ናይ
ዝወፈሩ
ውጻኢት ኢኻ ንሃገር ናይ ዝወፈሩ
ውጽኢት ኢኻ ኤርትራ ናይ
ዝዘመሩ።



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ብፍወሳ ኬሞተራፒ ዝስዕብ መጉዳእቲ መትኒ ይከላኸል

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ባሰል - ስዊዘርላንድ፡ ብፍወሳ ኬሞተራፒ ዝስዕብ መጉዳእቲ መትኒ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምኽያድ ክውገድ ከምዝኽእል ሓቢሮም።

ኬሞተራፒ ሓደ ካብ ኣገባባት ፍወሳ ሕማም መንሽሮ ኮይኑ፡ ኣብ ገለ እዋን መጉዳእቲ መትኒ ከምዝስዕብ እዩ ዝግለጽ። በዚ ፍወሳ ዝሰዓበ መጉዳእቲ መትኒ፡ ንዊሕ እዋን ዝቕይድ ጸገማት ከቃልዕ ዝኽእልን ክሳብ ሕጂ ብዘርኻ ኣገባብ ሕክምና ክፍወስ ዘይተኻእለን ዘሎ እዩ። እዞም ተመራመርቲ ድማ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ካብዚ በዚ ምኽንያት ፍወሳ ዝስዕብ መጉዳእቲ መትኒ ክከላኸል ከምዝኽእል እዮም ዝሕብሩ ዘለዉ።

ብዘሎ እዋናዊ ምዕባለ፡ ሕማም መንሽሮ ንምሕዋይ ዝቕየዱ ፍወሳታት፡ ብዝይትን ብዝሕን እናማዕበሉን ኣድማዕቲ እናኾኑን እዮም ዝኸዱ ዘለዉ። ፍወሳ ኬሞተራፒ ብዘይካ ኣብ ዋህዮታት መንሽሮ ዘኸይዶ መጥቃዕቲ፡ ኣብ መትንታት'ውን መጉዳእቲ ከምዘውርድ እዩ ዝግለጽ። በዚ ፍወሳ ዝሰዓበ መጉዳእቲ መትኒ ከም ቃንዛ፡ ምድንዛዝ፡ ምቅጻል ወይ ከኣ ጸለዕለዕ ምባል ዝኣመሰሉ ጸገማት ኣብ ተሓከምቲ ይፈጥር። እዞም ጸገማት እዚኣቶም ኣብ 50 ሚእታዊት ተሓከምቲ ሕዱራት ኮይኖም ብምቕጻል፡ ንመስርሕ ፍወሳ ከተዓናቕፉን ዘይተደልየ ወጻኢታት ከኸትሉን ምጽንሖም'ዩ በዞም ተመራመርቲ ዝንገር።

እቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ ከባቢ 160 ፍወሳ ኬሞተራፒ ዘካይዱ ተሓከምቲ እዩ ተሰላሲሉ። ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ካብ 15 ክሳብ 30 ደቓይቕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘካይዱ ግዱያት፡ በቲ ፍወሳ ኣብ መትንታቶም ክስዕብ ዝኽእል ዕንወት ካብ 50 ክሳብ 70 ሚእታዊት ክነድል ከምዝኽኣለ ኣቶድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ሓቢሮም። ብዘይካ'ዚ፡ ሓፈሻዊ ጥዕና እቶም ኣካላዊ ምውስዋስ ዘካይዱ ተሳተፍቲ፡ ከምዝተመሓየሸን ብህይወት ናይ ምጽናሕ ዕድሎም'ውን ብኡ መጠን ከምዘዓበየን ኣሰሪቦም ገሊጾም።

ፈነስ ከኣ ማእከላይ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ጥዕና ኣካላትን ኣእምሮን ተሓከምቲ እወታዊ ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ንኣድማዕነት ፍወሳታት ሕማም መንሽሮ ንምሕያል ሰብ ሞያ ጥዕና ንኣካላዊ ምንቅስቓስ ከም ሓደ ካብ ኣገባብ ፍወሳታቶም ክተኣታትውዎ፡ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ ተማሕጺኖም።



## ነፍሰ-ጾራት ኣብ ዝወሰድኦ ዓቐን ካፈይን ጥንቃቐ ክገብራ ተመራመርቲ ጸዊዖም



ልዑል ዓቐን ቡን ዝሰትያ ነፍሰጾራት፡ ንዘተፈላለዩ ጸገማት ክቃልዓ ከምዝኽእላ፡ ተመራመርቲ ኣጠንቂቖም።

እዚ መጽናዕቲ ኣብ ብርክት ዝበሉ ልዕሊ 1 ሽሕ ዝጽሓፉ ጽሑፋት ተመርኲሱ እዩ ተሰላሲሉ። ልዑል ዓቐን ቡን ዝሰትያ ነፍሰጾራት፡ ትሑት ሚዛን ዘለዎ ወይ ምውት ናጽላ ንምውላድ ክቃልዓ ከለዋ፡ ካብ'ዘን ኣደታት ዝተወልደ ህጻን ከኣ ዕድመ ቁልዕነት ምስ በጽሐ ክኽርሽን መንሽሮ ደም ክማዕበልን ዘለዎ ተኽእሎ ብመጠኑ ዝለዓለ ምዃኑ፡ እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም።

እዚ መጽናዕቲ ኣብ ትዕዝብቲ ካልኦት መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዝተኻየደ ብምዃኑ ግና፡ ኩለን ቡን ዝሰትያ ነፍሰጾራት፡ እዞም ዝተጠቕሱ ጸገማት የጋጥመን ማለት ከምዘይኮነ እቶም ተመራመርቲ ኣሰሪቦም ኣጸቢቖም ኣለዉ።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ጥንሲ ዝሓዛ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ምልክታት ዕግርግር ምስ ዝጀምረን ምልክት ጥዑይ ጥንሲ ምዃኑ ተረዲአን ካብ'ታ ግዜ እቲኣ ዓቐን ናይ'ቲ ዝወስዳኦ ቡን ከጉድላ ተማሕጺኖም። ክሳብ ሕጂ፡ ብፍሉ ጾራት ክወሰድ ዝግባእ ውሑስ ዝበሃል ዓቐን ካፈይን እኳ እንተ ዘየሉ፡ ነፍሰጾራትን ክጠንቀቓ መደብ ዘለወን ደቂ-ኣንስትዮን፡ ትሕዝቶ ካፈይን ካብ ዘለዎም መስተታት ክቑጠባ እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ መኺሮም።

## ኣብ ምዕቃብ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ዝሕግዝ ሓዲሽ ኣሰራርሓ ካሻስትሩስ ይምዕብል


ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኖርዝዌስተርን - ኣመሪካ ዝርከቡ ጉጅለ መሃንድሳት፡ ኣብ ምዕቃብ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ዝሕግዝ ሓዲሽ ኣሰራርሓ ካሻስትሩስ ከምዝማዕበሉ ሓቢሮም።

ንሳቶም፡ ንካርቦን-ዳይኦክሳይድ ምስቲ ኣብ መስርሕ ምፍራይ ካሻስትሩስ ዝውዕል ማይ ኣቐዲሞም ብምሕዋሶም፡ እዚ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ዝዕቅብ ካሻስትሩስ ክፍርዩዎ ክኢሎም ዘለዉ።

እዚ ብዓይነቱ ናይ ፈለማ ኣሰራርሓ ካሻስትሩስ ካብ'ቲ ኣብ'ቲ መስርሕ ዝተሓወሰ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ንኣ5 ሚእታዊት ክዕቅብ ዝኽእል ምዃኑ ተፈሊጡ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምፍራይ ንዊሕ እዋን ዝጸንሕ ተሪር ካሻስትሩስ ኣዝዩ ሓጋዚ ኩይኑ ከምዝረኸበዎ፡ እቶም መሃንድሳት ወሲኾም ገሊጾም።

ካሻስትሩስ ብሳኻኑ ድሕሪ ማይ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰራዊ ዝርከብ ማቴርያል ህንጻ እዩ። ካብ ጠቕላላ ዝትፋእ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ፡ እቲ 8 ሚእታዊት ኣብ ምስራሕ ሰሚንቶን ካሻስትሩስን ብዘጠቓልል ትካላት ይፈሪ። ካሻስትሩስ ብማይ፡ ሓጻ ዝተዳኸመ ጂያን ሰሚንቶን ይሰራሕ። ብኻሻስትሩስ ዝተሰርሐ ህንጻ ከኣ ትሕቲ ቅርጺ፡ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ናይ ምስሓብ ብቕዓት ዋላ እንተሃለዎ፡ ብመጠን ኣብ ምስራሕ ሰሚንቶ ዝትፋእ ካርቦን-ዳይኦክሳይድ ክጽጸር ከሎ ግን ኣዝዩ ንኡስ ዓቐን ምዃኑ ይግለጽ።

ኣብ መወዳእታ እቶም መሃንድሳት፡ ተበግሶምሉ ዘለዉ ዕዮ ንካርቦን-ዳይኦክሳይድ ኣብ ካሻስትሩስ ብምዕቃብ፡ ኣብ ምጉዳል ዓለማዊ ዋዒ ኣበርክቶ ምግባር ምኻኑን ዚ ንኽዕውቱ ድማ ኣብርቲዖም ከምዝሰርሑን ኣረዲኦም።



## ሕማም ሽኮር ብኣመጋግባን ኣካላዊ ምንቅስቓስን ክደናጐ ከምዝከኣል ተሓቢሩ



ሕማም ሽኮር ክማዕበሉ ልዑል ተኽእሎ ዘለዎም ሰባት፡ ንኣርባዕተ ዓመታት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምኽያድን ግቡእ ኣመጋግባ ብምዝውታርን ዚ ሕማም ክደናጐ ከምዝኽእሉ ኣብዚ ዓመት ኣብ ዝተሓትመ ሓድሽ መጽናዕቲ ተሓቢሩ።

ካልኣይ ዓይነት ሕማም ሽኮር፡ ግቡእ ክንክን ምስ ዘይተኻየደሉ፡ ንስንክልናን ሞትን ዘቃልዕ ኮይኑ፡ ብመዳይ ቁጠባውን ኣብ ውልቀሰባትን ሕብረተሰብን ተጽዕኖ ዝፈጥር ሕማም እዩ። ኣብዚ መጽናዕቲ ከኣ፡ ሕማም ሽኮር ዘይብሎም ግን ከኣ ኣብ ደሞም ዝተማዝበዐ ዓቐን ሽኮር ዘለዎም ሰባት፡ ንኣርባዕተ ዓመታት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምኽያድን ጥዑይ ኣመጋግባ ብምኽታልን፡ ሕማም ሽኮር ክማዕበሉ ዘለዎም ተኽእሎን ኒቲ ሕማም ተኸቲሉም ዝመጽኡ ሕማማትን ክደናጐ ደይም ከምዝኽእሉ ተገሊጹ።

እቲ መጽናዕቲ፡ ሕማም ሽኮር ዘይብሎም፡ ግን ከኣ ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ሂወቶም እዚ ሕማም ክማዕበሉ ልዑል ተኽእሎ ኣብ ዘለዎም 540 ሰባት እዩ ንን30 ዓመታት ተሰላሲሉ። ብዝወርሖ ይኹን ካልእ ምኽንያታት እዚ ሕማም ክማዕበሉ ተኽእሎ ዘለዎም፡ ብዘመርሕዎ ቅዲ መነባብሮ ግን እዚ ሕማም ከምዝዕበሉ ንቐረብ ዓመታት ዝጸንሑ ሰባት፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ኩነታት ጥዕንኦም ክመሓየሽ ከሎ፡ ናይ መመት ዕድሎም'ውን ብመጠኑ ከምዝትሕት'ዩ ኣብዚ መጽናዕቲ ክልለ ተኻኢሉ ዘሎ። ብፍላይ፡ እተን ኣብ እዋን ጥንሲ ሕማም ሽኮር ዝቓላዕለን ነፍሰ-ጾራት፡ ንተኸታታሊ ዓመታት ኣካላዊ ምውስዋስ ብምኽያድን ግቡእ ኣመጋግባ ብምዝውታርን እዚ ሕማም ናይ ምምዕባል ተኽእሎአን ከደናጒያኦ ከምዝኽእላ ተሓቢሩ።

## ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ምውሳእ፡ ኣብ ምንዋሕ ዕምሪ ሓጋዚ እዩ

ኣብ ቻይና ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ዕለታዊ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ዝሳተፉ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡ ነዊሕ ዕድመ ክጸንሑ ዘለዎም ዕድላት ዝለዓለ ምዃኑ ተሓቢሩ።

እዚ መጽናዕቲ ኣብ ልዕሊ 28 ሽሕ ብዕድመ ዓበይቲ ሰባት እዩ ተኻዪዱ። ንጥፈታት ማሕበራዊ ህይወት ምስታፍ ከኣ ኣብ ምንዋሕ ዕድመ ዘይንጻቐ ተራ ከምዘለዎ እዩ ክፍለጥ ተኻኢሉ። እቲ መጽናዕቲ ዕድመ፡ ጾታ፡ ደረጃ ትምህርቲ፡ እቶት፡ ቅዲ መነባብሮ፡ ጥዕናን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ ነይሩ።

እቶም ዕለታዊ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈት ዝሳተፉ ሰባት፡ ካብ'ቶም ምስ ካልኦት ሰባት ጠቕላላ ዘይዋስኡ ተሳተፍቲ ብህይወት ክጸንሑ ዘለዎም ዕድል ብ87 ሚእታዊት ልዒሉ ተረኺቡ ኣሎ። እቶም ኣብ ወርሒ ኻ ኣብ ሰሙን ሓንሳእ ምስ ካልኦት ሰባት ግዜ ዘሕልፉ ብዕድመ ዓበይቲ ሰባት፡ ካብ'ቶም ግሉል ህይወት ዝመርሑ ሰባት፡ ነዊሕ ዕድመ ብህይወት ናይ ምጽናሕ ዕግልኦም ልዒሉ ከምዝተረኸበ ኣቶድቲ ናይ'ቲ መጽናዕቲ ወሲኾም ገሊጾም።

ብፍላይ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡ ካቶም ቀድሚ ሕጂ ንህይወቶም ብሒተሞ ዝጸንሑ ከም ስራሕ፡ ምዕባይ ቆልዑን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ዝውቱራት ንጥፈታት ስለዘጸለዩ፡ ብጽምዋ ክጥቀዑ ንብር ተረኺቦ እዩ። ጽምዋ ደማ ብዚይካ ኣብ ኣእምሮ ዝፈጥሮ ጸቕጢ፡ ንኣካላዊ ሕማማት ዘቃልዕ ምኻኑ ክኢላታት ይሕብሩ። እቶም ክኢላታት ጥዕና፡ ጽምዋ ምስ ኣብ መዓልቲ 15 ሽጋራ ምትካኽ ብምምዕርራይ እዮም ንሓደገኛነቱ ዘረድኡ። ንጽምዋ ዝተቓልዑ ብዕድመ ዓበይቲ ሰባት ከኣ እቲ ደሮ ብዕድመ ዝተዳኸመ ኣእምሮኦምን ኣካላቶምን መሊሱ ስለዝቕምሰሉ፡ ዕድመኦም ከምዝሓጽር እዩ ኣብዚ መጽናዕቲ ተጸፊሩ ዘሎ። ንጡፍ ማሕበራዊ ሂወት ዝመርሑ ብዕድመ ዓበይቲ ሰባት ግን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ከካይዱ፡ ዝሓሸ ቅዲ ኣመጋግባ ክኽተሉን ኣእምሮኦም ከዘንጉን ስለዝተዓብዩ፡ ነዊሕ ዕድመ ናይ ምጽናሕ ዕድሎም'ውን ብኡ መጠን ከምዝዓቢ እዩ እዞም ተመራመርቲ ዘረድኡ።

ንሳቶም፡ ኣብ ዝኾነ ደረጃ ዕድመ ዝርከብ ሰብ፡ ንጡፍ ማሕበራዊ ህይወት ብምምራሕ ኣእምሮኡን ኣካሉን ረብሓታት ክረኽብ ከምዝኽእል ኣዘኻኺሮም።



ተረኛ ፋርማሲ
በት መሸጣ መድሃኒት ዓዲ ኣቤቶ
ፋርማሲ ዳሉል
ፋርማሲ ካቴድራል

ዕለት
14/07/2024

ጎደና
መጨረሻታ ፈርማታ ኣውቶቡስ ዓዲ ኣቤቶ
ጎደና ሓርነት ቁ. 158፡ ፊት ሳልሳዋይ ቤት ፍርዲ
ጎደና ደገሊ 171-65 ከባቢ ኣልፈርሞዥ ጥቓ ጀንዳ ኦርሲ ጋራጅ

ቁ.ስልኪ
07114040
125266
127188

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services